# ሓዳስ ኤርትራ


መበል 34 ዓመት ቁ.142 | ሓሙስ 13 ለካቲት 2025 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ስርሒት ፈንቅል






ገጽ 3
ዓንበርበብ ሼር ካምፓኒ...





ገጽ 4
ስም ንትርጉም ይ ዘመናውነት


ገጽ 5
ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?



ገጽ 7
ደቡብን ገጀረትን ናብ መዛዘሚ በጺሐን




## ደቡብ - ኣድማዒ መደባት ልምዓት ከምእተዓመ ተገሊጹ





ስእሊ - ፊልሞን ትካቦ

ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ብወህደት ምምሕዳራትን ሓይልታት ምክልኻልን ኣብ 2024 ኣድማዒ መደባት ልምዓት ከምእተዓመ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጼን ብ10'ን 11'ን ለካቲት ኣብ መንደፈራ ኣብ ዝተኻየደ ገምጋም ገሊጹ።

እቲ መደባት፡ ገስጋስ ልምዓታዊ መደባት ዘደንፍዕ - ህንጻት ትሕተ-ቅርጺ፡ ሕርሻ፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት፡ ከምኡ'ውን ምርጫ ኣመሓደርቲ ከባቢን ኣካየድቲ ስራሕን ከምዝጠቓልል ብምጥቃስ፡ ኣብ ምእካብ ግብሪ ጥሪትን መሬትን ሕጋዊ ማስርሒ ምትሕልላፍ ዋንነት ኣባይትን እውን ዝማሰሉን ስራሓት ከምእተሰላሰለ ሓቢሩ።

ብደረጃ ንኡሳን ዞባታት፡ ጨናፍር ሚኒስትሪታትን ክፍልታት ምምሕዳር ዞባን ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብ ድማ፡ ኣብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት ብልዑል ተሳትፎ ህዝብን ሓይልታት ምክልኻልን ሰፊሕ መደባት ምፍዋስ ማይ-ክዖታት፣ ምህናጽን ምጽጋንን ጽርግያታት፣ ከምኡ'ውን ንቕሓት ህዝቢ ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ዘበርኽ ኣኼባታት ዘጠቓልል ኣድማዒ መደባት ከምእተተግበረ በሪሁ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ደቀምሓረ፡ ጸሮና፡ ጋዴን፡ ሰርሓ፡ ኣምባሰተ-ገለባን በራቑትን ብኣስታት 10 ሚልዮን ናቕፋ ብጹሉያዊ ጸዓት ዝሰርሐ ቀረብ ስርዓት ማይ ከምእተዋደደ ተገሊጹ።

ኣኼበኛታት ድሕሪ ዘቐድዎ ዘተ፡ ዝተሃንጸ ዲጋታት ብደቡብ ንኽይመልኣ ቅልጡፍ መደባት ምፍዋስ ማይ ክዖታት ክትግበር፣ ዝተጀመረ ትሕተ-ቅርጻታት ማስርሒ ህንጻ፡ ክቀላጠፍ፣ ጥንታዊ ኣሰራርትን ቅርሲታትን ንምጽናዕን ንምዕቃብን ዝቐደ ዘሎ ስራሓት ዝያዳ ክሰፍሕ፣ ከምኡ'ውን ንጥፈታት ስታትስቲካዊ ስርዓተ-ሓበሬታ ክምዕብልን ክሰፍሕን ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ ሃብተኣብ፡ ምስፋሕ ሕርሻዊ ልምዓት ብፍላይ ከኣ ህንጻት ዲጋታትን ከትርታትን፣ ምዝርጋሕ ትሕተ-ቅርጺ ቀረብ ማይ፣ ምሕያል መደባት ምግራብን ጽገና ጽርግያታትን፣ ከምኡ'ውን ምስፋሕ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት፡ ካብ ቀንዲ መደባት ስራሕ 2025 ከምዝኾኑ ኣፍሊጡ።

## ጋሽ-ባርካ - ባህላዊ ፈስቲቫል 'ኩንድራ' ተኻዪዱ

ኣብ ብዘረ ኩናማ ዓመታዊ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ታውዳ ዝጽምበል ባህላዊ ፈስቲቫል ኩንድራ፥ ኣብ ምዕቃብ ባህላዊ ወርሻታትን ምድልዳል ስነትን ምኩብባርን ዓቢ ተራ ከምዘለዎ፡ ኣብ መዛዘሚ ናይ'ቲ ካብ 7 ክሳብ 9 ለካቲት ዝተኻየደ ጽምብል ተገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ - መሓመድ ዓጃብ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ነዊሕ ዓመታት ዘቑጸረ ጽምብል ኩንድራ፥ ንኸሎም ፍጡራት ወቕቲ ሰላም፡ ጥዕናን ብርኩት ምህርትን ክንብረሎም ሰናይ ምንዮት ዝግለጸሉ፣ ብርሰት ኣግራብን እንስሳ ዘጉዳምን ንምግታእ ማዕቀብ ዝውሰደሉ፣ ከምኡ'ውን ምስ ክብርታት ሕብረተሰብ ዘይከዱ ተግባራት ዝኽልከል ብዩናት ዝሓልፈሉ - መግለጺ ሰናይ ዕድል ምዃኑ ኣረዲኡ።

ኣቦመንበር ያታዊ ባህሊ ኣብ ንኡስ ዞባ ጎግኔ ኣቶ ዓብደልወሃብ ሱሌማን ብወገኑ፥ ዓመት መጺ ከም መሰጋገሪ ዓመት ዝቖጸር ኩንዱራ፥ ካብ 15 ክሳብ 18 ዓመት ዘዕድመኦም ኮተቴ ዝኾተፉሉ መግለጺ ብጽሒናውን ከምዝኾነ ብምጥቃስ ናይ መርዓ ቈጸራን ካልኦት ወግዕታትን ድሕሪ'ቲ ጽምብል ከምዝካየዱ ኣብሪሁ።

ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ዘይተብርበረ ሃብታም ባህልታትን ወግዕታትን ከምዘሎ ዝሓበረ ኣካያዲ ስራሕ ሓውሲ ከተማ ጎግኔ ኣቶ የማን መሓሪ ብወገኑ፥ ምስ ኩለን መሻርኽቲ ኣካላት ተወሃሂድካ ግቡእ መጽናዕትን ሰነድን ብምኽያድ ንምዕቃብን ናብ ወለዶታት ንምምሕልላፉን ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ እጃሙ ከበርክት ተማሕጺኑ።



ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣቶ ፍራንኮ ኩብባ ብወገኑ፥ ጽምብል ኩንድራ ምስ ምእታው ሓድሽ ዓመት - ብሓድሽ መንፈስን ራኢን ዝጽምበል ሓደ ካብ ዓበይቲ ያታዊ በዓላት ብዘረ ኩናማ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ንተራን ኣበርክቶን ዓበይቲ ዓድን ኣቦታትን መጕሱ።

ነበርቲ ኣብ መወዳእታ፡ ቀጻልነት ኩንድራ ንኽውሓስ ብዕቱብ ክሰርሑ ተላብዮም።

ምምሕዳር ከባቢ ታውዳ፥ ሓንቲ ካብ 12 ምምሕዳራት ከባቢ ንኡስ ዞባ ጎግኔ ኮይና፡ ካብ ባረንቱ ንሸነኽ ምዕራብ 15 ኪሎ-ሜተር፣ ካብ ሓውሲ ከተማ ጎግኔ ድማ ንሸነኽ ደቡባዊ ምብራቕ 15 ኪሎ-ሜተር ርሒቓ ትርከብ።

# ስርሒት ፈንቅል

## “ስርሒት ፈንቅል፡ በሪ ምሉእ ሓርነት ዘርሓወ፡ መግዛእቲ ፍርቂ ዘመን ዝፈንቀለ፡ መስተንክር ጅግንነታዊ ፍጻመ እዩ” ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ቀቅድሚ ስርሒት ፈንቅል ዝነበረ ኩነታት፡ ዓቕሚ ወገንን ጸላኢን ዘጻጸር ኣሃዛት፡ ከምኡ'ውን ስርሒት ፈንቅል ንምትግባር ዝተሳእለ ውጥን ብዝርዝር ድሕሪ ምቕራብ፡ ክሳብ'ቲ ህዝባዊ ሰራዊት ንዘበዝሕ ክፋል ወደባዊት ከተማ ባጽዕ ዝተቖጻጸረሉ ውዕሎ ቀዳሞት ሰለስተ መዓልታት ብስፊሑ ገሊጽና ነይርና። መቐጸልታኡ ይስዕብ።

**(መወዳእታ ክፋል)**

**ንፈንቅል ዝዓቀበ ዝዓበየ ፈንቅል**

ስርሒት ፈንቅል፡ ንሰፊሕ ጎላጉል ሰምሃርን ወደብ ምጽዋዕን ሓራ ዝገበረ ስርሒት ተባሂሉ ጥራይ ዝግለጽ እንተኾይኑ፡ ምሉእ ስእሊን ልክዕ መረዳእታን ዘህብ ኣይኮነን። ኣብ ወተሃደራዊ ግጥማት፡ ደቂቕ መጽናዕቲ ኣካይድካ፡ ሃንደበት መጋጥምትኻ መዘምሚዝካ፡ ሓይሊ ኣጽዋቕካ፡ ሃንደበትነትን ቅልጣፈን ሓዊስካ ኣጉዳሲ ስትራተጂያዊን ቦታ ምቁጽጻር ይከኣል እዩ። እቲ ወሳኒ ሕቶ ግን ድሕሪኡ'ዩ ዝመጽእ። ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ዘእተኻዮ ቦታ ክትዕቅቦ ትኽእል'ዶ ኣይትኽእልን? ዚ ወሳኒ ሕቶ'ዚ ኣብ ዝወሃቦ መልሲ ከኣ እዩ ሚዛን ዓወት ዝረጋገጽ። ወሳኒ ዓወት ንምዕቃብ ትኸፍሎ ዋጋ እውን ብተዓጻጻፊ ኣብኡ ይበዝሕ።

ምጽዋዕ ንምሓዝ ዝተኻየደ ውግእ እምበኣር፡ ቀዳማይ ክፋል ናይቲ ስርሒት እዩ ነይሩ። እቲ ዝዓበየን ወሳኒን ግጥም፡ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ብስርሒት ፈንቅል ዝተጎናጸፎ ዓብይ ዓወት ንምዕቃብ፡ ኣብቲ ሓደሽ ዝተመስረተ ግንባር ጊንዳዕ ንኣርባዕተ ኣዋርሕ ብዘይ እስትንፋስ ዘካየዶ ከቢድ ጥምጥም እዩ።

ህዝባዊ ሰራዊት ብሸሞንተ ለካቲት 1990 ምጽዋዕ ንምሓዝ መጥቃዕቲ ኣብ ዝፈነወሉ፡ ምትሓዝ ምጽዋዕ ነቲ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ኣስታት 150,000 ዝኾውን ካልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊት (ሁ.ኣ.ሰ) ብምሉኡ ኣብ ከበባ ዘእቱ ስለ ዝነበረ፡ ስርዓት ደርግ፡ ብኹሉ ንብኡ ኣብ ግንባር ከረንን ዝተፈላለየ ከባቢታት ኤርትራን ኣሰሊፉዎ ዝነበረ ሓይሊ ኣኻኺቡ ብምምጻእ፡ ነቲ ህዝባዊ ሰራዊት ተቖጻጺሩዎ ዝጸንሐ መስመር ኣስመራ-ምጽዋዕ ክፈቱ ካብ ከበባ ንምድሓን ሓያልን ተደጋጋሚን መጥቃዕትታት'ዩ ፈንዩ።

ክሳብ'ቲ ምጽዋዕ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ህዝባዊ ሰራዊት ዝኣተወትሉ 16 ለካቲት፡ ጸላኢ፡ ብሸነኽ ደንጎሎን ሰሜናዊ ባሕሪን ዝፈተኖ መጥቃዕትታት፡ ሰንባደን ተርባጽን ዝደረኾ ዕሙት ውግእ እዩ ዝነበረ። በዚ ድማ ከቢድ ዋጋ ከፊሉ ኩበቕዕ ክሰልጦ ኣይከኣለን። እቲ ኩነታት ተሰሩ ምስ ሰኣኑ ግን፡ ንምትራፍ ብርቱዕ መጥቃዕቲ ፈነወ። ኣብዚ ውግእ'ዚ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ናብ እምባትካላ ኣብ ዘገምግም ቦታታት ክበጽሓ'ኳ እንተ ኸኣላ፡ ጸላኢ ኣብ ቢዘን ብዙሕ ሓይሊ ደሪቡ ብምጽንሑ፡ ቢዘን ምቁጽጻር ኣይተኻእለን። በዚ ድማ፡ ህዝባዊ ሰራዊት ካብቲ ዝሓዞ ቦታታት ኣንሳሒቡ።

ድሕሪ'ዚ ዘይዕወት ፈተነ፡ ጸላኢ፡ ነቲ ኩነታት ብምምዝማዝ ቅልጡፍ ጸረ-መጥቃዕቲ ብምፍናው ካብ ቢዘን ናብ መስመር ባዕረዛ-ዓዲርሶ ወረደ፡ ኣብቲ ከባቢ ንዘርከብ ስትራተጂያዊ ጎቦ ኩብ ተቖጻጸረ፡፡ ምትሓዝ ኩቡ፡ ኣብ መስመር ምክልኻል ህዝባዊ ሰራዊት ክስዕቦ ዝኽእል



ሃዲኡን ኣስተውዒሎምኒ፡ ብዘዘጋንዐ መገዲ፡ ውጥን ኣውጺኡ ክሰርሕ መደበ። ስለዚ ድማ፡ ኣብ ማእከል ኢትዮጵያ ዝነበሩ ክልተ ክፍሊጦራት (17ን 15ን) ከምኡ'ውን ስፓርታኪያድ ኢሉ ዝሰመዮም ሽዱሽተ ፍሉያት ብርጌዳት ኮማንዶ ብሰፊርቲ ናብ ኤርትራ ኣምጽኦ።

ጸላኢ ኣብ ምድላዋት እናሃለወ፡ ብ22 ለካቲት 1990፡ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ንስትራተጂያዊ ጎቦ ቢዘን ተቖጻጺሩ፡ ጸርግያ እምባትካላ ብምብታኽ፡ ኣብ ጊንዳዕ ዝነበረ ግዚፍ ሓይሊ ጸላኢ ቀሪጹ ጸገማት ቀሊል ስለ ዘይነበረ ኩኑ፡ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ንጸላኢ ካብዚ ስትራተጂያዊ ቦታ'ዚ ንምልቃቕ፡ ብ25 ለካቲት ብርቱዕ መጥቃዕቲ ኣካይዱ፡ ንኩብ ደጊሙ ተቖጻጺሩ፡፡ ኣብቲ ዝቐጸለ መዓልታት ጸላኢ ናብዚ ስትራተጂያዊ ቦታ ንምምላስ ተደጋጋሚ ፈተነታት ኣካየደ። ክዕወት ግን ኣይከኣለን።

ህዝባዊ ሰራዊት፡ ከም መቐጸልታ ስርሒት ፈንቅል፡ ገዚኢ ቦታ ተቖጻጺሩ፡ ኣብ ዝሓሸ ቦታ ንምዕራድ ዝገበሮ ተደጋጋሚ መጥቃዕትታት ብዙሕ ለውጢ ስለ ዘየምጽአ፡ ኣብ መወዳእታ፡ ኣብቲ ክሕዞ ዝኽኣለ ቦታታት ዕርድታቱ ኣደልዲሉ፡ ነቲ ዝሰዕብ መጥቃዕትታት ጸላኢ ክምክት'ዩ ወሲኑ። ድሕሪኡ ዝሰዓበ ውግኣት ኩሉ ናይ ጸላኢ ወፍርታት እዩ ዝነበረ። ህዝባዊ ሰራዊት ብወገኑ፡ እቲ ዝተኸበበ ሰራዊት ምስ ማእከል ኢትዮጵያ ዝራኸበሉ ዝነበረ እንኮ ናይ ኣየር መስመር ንምስንኻል ካብ ፈለማ መጋቢት ጀሚሩ፡ ብኽልተ ኣንፈት፡ ማለት ካብ ከባቢ ማይ-ውዑይን ዓዲ-ርሶን ኣብ ልዕሊ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ፡ ብ130 ሚ.ሚ መዳፍዕ ቀጻሊ ደብዳብ ክካይድ ጀመረ።

ስርዓት ደርግ፡ ግንባር ጊንዳዕ ኣፍሪሱ ናብ ወደብ ምጽዋዕ ንምምላስ፡ ካብ ሓደ መጋቢት ክሳብ 11 ግንቦት 1990፡ ብሸነኽ ዓዲ-ርሶ፡ ደንጎሎን ሰሜናዊ ባሕርን፡ ብዘዘጋንዐ መገዲ፡ ውጥናት መጥቃዕቲ እናሓንጸጸ፡ ዝተፈላለየ ኣስማት ዘጠመቖ ሸውዓተ ዓበይቲ ወፍርታት ኣካየደ። እዚ ወፍርታት'ዚ ብጽዑቕ ደብዳብ ዝተሰነየ እዩ ነይሩ። ሰራዊት ጸላኢ ከም ዝዝምልከቶ፡ ኣብዚ ውግኣት'ዚ መዓልታዊ ኣስታት 5000 ቦምባታት ኩሉ ዓይነት መዳፍዕ (130፡ 122፡ 85፡ 76 ሚ.ሚ. በኤም 24፡ 21) ከምኡ'ውን ልዕሊ 10,000 ቦምባታት ሞርታር ናብ ዕርድታት ህዝባዊ ሰራዊት ይትኮስ ነይሩ። ኣብዚ ንሰለስተ ኣዋርሕ ዝቐጸለ ምርብራብ ኣስታት 3000 ተጋደልቲ ከምዝተሰውኡ ጸብጻብት የመልክቱ። ኣብቲ ካብ 8 ክሳብ 29 ለካቲት 1990 ንኣስታት 20 መዓልታት ምጽዋዕ ንምሓዝን ረዳት ጸላኢ ኣብ ደንጎሎን ሰሜናዊ ባሕርን ንምሕፍቃን ዝተኻየደ ከም ኣካል ስርሒት ፈንቅል ዝወሰድ መጥቃዕትታት ዝተሰውኡ ተጋደልቲ 1100 ምንባሮም ኣብ ግምት ምስ ነእቱ፡ እቲ ኣብ ምርብራብ ግንባር ጊንዳዕ ዝተኸፍለ ዋጋ ክሳብ ክንደይ ከቢድ ምንባሩ ንምርዳእ ኣየጸግምን።

ኣብቲ እዋን'ቲ ጠቕላሊ ስታፍ ወተሃደራዊ ስርሒታት ህ.ግ. ዝነበረ ተጋዳላይ ስብሓት ኤፍሬም፡ ጸላኢ ኣብ ግንባር ጊንዳዕ ዘካየዶ ዝነበረ ወፍርታት ኣመልኪቱ ከምዚ ይብል።

“ዕላማ ናይቲ ጸላኢ ብግንባር ጊንዳዕ ዘካየዶ ዝነበረ ዓበይቲ ወፍርታት፡ ንምጽዋዕ ደጊምካ ምቁጽጻር ጥራይ ኣይነበረን። ኣዘዝቲ ሰራዊት ደርግ ነዚ ወፍራታት'ዚ ክሕንጽጹ እንከለዉ፡ ዕላማኦም ንግንባር ጊንዳዕ ኣፍሪስካ ናብ ጋሕቴላይ ድሕሪ ምውራድ፡ ጸርግያ ዓዲ-ዕለ ተኸቲልካ ንሶሜን ብምኽሳጋ፡ ብወገን ሮራ መንሳዕን ብሕሪን ተወሳኺ ጸቕጢ ፈጢርካ ንሰራዊት ህ.ግ. ካብቲ ጎላጉል ከምዝወጽእ ገይርካ ምሕናቕ እዩ ነይሩ። ኣብ ባርንቱ ዝተጠቕምሉ ስልቲ ክደግሙ እዮም ዝሓስቡ ነይሮም። ‘ሻዕብያ ኣብ ማሕንቖ'ዩ ኣትዩ ዘሎ። ካብዚኣ ሳሕል ክንመልሶ ኣለና’ እዮም ዝብሉ ነይሮም። በዚ ምኽንያት እቲ ወፍርታት፡ ብብዝሒ ዘሰለፎ ሰራዊት ኮነ ኣጽዋር ከቢድ'ዩ ነይሩ። ተጋዳላይ ግን ድልዱል ዕርዲ ኣብ ዘይብሉ፡ ጸላኢ ኣብ ዝቖጻጸሮ ዘይምቹእ ቦታ ኮይኑ፡ መግለጺ ክትረኽበሉ ዘይትኽእል ደብዳብ ተጻዊሩ፡ ብልዑል ጅግንነት ነዚ ግዚፍ ወፍርታት'ዚ ኣምኪንዎ።”

ህዝባዊ ሰራዊት ነዚ ብብርቱዕ ደብዳብ ዝተፈላለየ ዓይነት ኣጽዋራትን ነፈርቲን ዝተሰነየ ወፍርታት፡ ከቢድ መስዋእቲ እናኸፈለ ተሪሩ ስለ ዝመከቶ፡ ጸላኢ ኣብዚ ወፍርታት'ዚ፡ ዝኾነ ናይ ቦታ ለውጢ ከምጽእ ኣይከኣለን። ኣስታት 30,000 ሰብኣዊ ክሳራ ከምዝጋጠሞ ድማ ሰነዳት ጸላኢ የረጋግጽ።

ህዝባዊ ሰራዊት ብሓያል ጽንዓት፡ ንወፍርታት ጸላኢ ሓምሺሹ፡ ብስርሒት ፈንቅል ዝተጎናጸፎ ዓወት ድሕሪ ምዕቃቡ፡ ነቲ ጸላኢ ብሸነኽ ግንባር ጊንዳዕ ዝነበሮ ዝነበረ ቀጻሊ ጸቕጢ ንምፍኳስ፡ ገለ ክፋል ኣሃዱታቱ ናብ ደቡብ ብምንቕስቓስ፡ ብ24 ሚያዝያ 1990 ንመስሓል ወደ-ኩለን ሰንዓፈን ኣጥቂዑ ብምቁጽጻር፡ ንጽባሒቱ 25 ሚያዝያ ክሳብ ኣጥቂዑ ንዓዲ-ቐይሕ ሓራ ኣውጺኡ ክሳብ ድግሳ ገስገሰ።

በዚ መጥቃዕትታት'ዚ ዝተሰናበደ ጸላኢ፡ ኣብ ግንባር ጊንዳዕ ኣሰሊፉዎ ካብ ዝነበረ ግዚፍ ዓቕሚ ናብ ደቡብ ከንቀሳቕስ ተገደደ። ድግሳ ንምምላስ ድማ፡ ኣብ ክፍላ ግንቦት፡ ኣብ ልዕሊ ህዝባዊ ሰራዊት ተደጋጋሚ ጸረ-መጥቃዕትታት ኣካየደ። እንተኾነ፡ ብተረር መኸተ ህዝባዊ ሰራዊት ፈተነታቱ በርዒኑ ኣብ ምክልኻል ኣተወ። ብድሕሪ'ዚ ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ መወዳእታ ግንቦት መጥቃዕቲ ብምቕጻል፡ ብሰለስተ ሰነ 1990 ንሰገነይቲ ተቖጻጺሩ ክሳብ ኣፈልባ ብምኽሳጋስ ኣብ ኣፍ ደገ ደቀምሓረ ዓረደ። በዚ ድማ እቲ ሓደሽ ግንባር ደቀምሓረ ተመስረተ። ድሕሪ'ዚ ጸላኢ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ምክልኻል ተሓጺሩ ተረፈ።

እዚ ኩሉ ብርቱዕ ግጥማት እምበኣር፡ ንዓወት ስርሒት ፈንቅል ዝዓቀበ ዝዓበየ ፈንቅል እዩ። ድሕሪ ስርሒት ፈንቅልን ዓወት ፈንቅል ንምዕቃብ ዝተኻየደ ሓያል ምርብራብን ጸላኢ ኣገዳሲ ስለ ዝተዳኸመ ሓርነት መላእ ሃገር፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ከም ዝረጋገጽ ርኡይ ኮነ። ንሓይሊ ጸላኢን ናይ ምግባር ዓቕሙን ብደቂቕ ዝገምገመ ህዝባዊ ሰራዊት ከኣ፡ ካብ ክፍላ ለካቲት 1991 ጀሚሩ፡ ሓደ ክፋል ካብ ዓቕሙ ናብ ደንከል ብምንቕስቓስ ንወፍሪ ደንከል ተተሓሓዘ። ኣብ ኣብ'ዚ ድማ ኢህወደግ ኣብ ማእከል ኢትዮጵያ ዘካየዶ ዝነበረ መጥቃዕትታት ንምጥንኻር፡ ሓደ መካናይዝድ ብርጌድን ኮማንዶ በጦሎኒታትን ናብ ኢትዮጵያ ልኣኸ።

ኣብቲ ዝቐጸለ ኣዋርሕ፡ ኣብ መሬት ደንከል ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ዝተፈላለየ ከበባታት ሰፊሩ ዝነበረ ሰራዊት ጸላኢ እናጸራረገ፡ ንዓሰብ ተገምገመ። ድሕሪ'ዚ፡ ኣብ ግንባር ደቀምሓረ ዝነበረ ህዝባዊ ሰራዊት ናይ መወዳእታ መጥቃዕቲ ብምፍናው፡ ኣብ ግንቦት 1991 ግንባር ደቀምሓረ ኣፍሪሱ ኣስመራ ኣተወ። ብ27 ግንቦት 1991 ድማ ብደንከል ዝነበረ ህዝባዊ ሰራዊት ወደብ ዓሰብ ብምቁጽጻር፡ ሓርነት መላእ ኤርትራ ኣበሰረ። እቲ ኣብ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ጎኒ ሓይልታት ኢህወደግ ተሰሊፉ ካብ ባህርዳር ጀሚሩ ኣብ ቀጻሊ ውግእ ተጸሚዱ ዝነበረ ክፋል ህዝባዊ ሰራዊት ከኣ፡ ብ28 ግንቦት 1991 ምስ ሓይልታት ኢህወደግ ብሓባር ኣዲስ ኣበባ ብምእታው ንገዕዘ 30 ዓመት ሓርነታዊ ቃልሲ ኤርትራ መኽተምታ ገበረ።

**ምንጪ፦**
**ዛንታታት ተመኩሮ ገድሊ ቅጺ - 3 ‘ፈንቅል’**
**መጽሔታዊ ጽሑፍ ብሰለሙን በርሀ**


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጾ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም — ትንሱእ ፍስሃየ
ሓበን ገብረኣምላኽ — ሰሎሚ ኣፈወርቂ
ሳምራዊት ሃብተ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቊ.ስ.163471-07588045

**ምልክታ**
ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጾ. 1284


## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ፍናተ-ሂወት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ቡያ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ወግዓዊ ስነስርዓት ስርሒት ፈንቅል |
| 16:05 | ናትራን (1ይ ክፋል) |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ካብ ሰነዳት |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ናትራን (2ይ ክፋል) |
| 19:10 | ፊዮሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ተኸታታሊት ፊልም ዕርፌ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ፈንቅል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ካብ ጸጋታት ባሕርና |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመት ሰትተም |

ሽባብ
ሃማመተኤ

ማዕበል ንእስነት

# ስም ንትርጉም ዶ ዘመናውነት

ኣዱሊስ ተስፋይ

ንግሆ እዩ፣ ቅድሚ ኵላቶም ተመሃሮ፡ ናብ ቀጽሪ ቤት ትምህርትና በጺሕና። እናዕለልና ብቐጥታ ናብ ሜዳ ሰልፊ ኣቕናዕና። ብዘይካ ሓደ ቀዲምና ናብቲ ቦታ ዝበጽሐ ተመሃራይ ኣይነበረን።

ሚካል ካብታ ናይ መወዳእታ መጠንቀቕታ ዝተዋህበታ ዕለት፡ ኣብ ቀጽሪ ቤት ትምህርትና፡ ብሸግለታ እናዘወረት፡ ኤር ፎን ምጥቃምን ሙዚቃ ምስማዕን ኣቋሪጻ እያ።

ባንዴራ ንኽትስቀል ዓሰርተ ደቒቕ ጥራይ እዩ ተሪፉዋ። ተመሃሮን መምህራንን ናብቲ ዝነበርናዮ ቦታ ተኣከቡ። ኣብ ምስቃል ባንዴራ ዝቐድመና ተመሃራይ ዳርጋ የለን። ብዳይረክተር፡ ተቈጻጻራይ ተመሃሮን መምህራንን ፍሉጣትን ፍቱዋትን ኢና። ናይ መወዳእታን ሳልሰይትን ፊስካ ተነፍሐት። ካንሸሎ ተዓጽወ።

"መጺኣ መጺኣ፡" ኣሕሾኽሾኹት ፈሩዝ። ንእኣ ብኣዝዩ ትሑት ድምጺ ዝተዛረበት መሰላ።

"ክትጽልኣኒ ኳላ ... ክፍእቲ፡" ወሰኸት ዘረባ ፈሩዝ። ብስንባደ ኵላትና ብሓባር ንፈሩዝ ጠመትናያ። ብዓይንና'ውን ገናሕናያ።

"ክፍእትስ ኣይኮነትን፡" ተቓወመታ ሄለን። ብዙሕ ግዜ ኣይሰማምዓን እየን።

"ብዓይንኺ ዶ?" ተገሪጫ መለሰትላ ፈሩዝ። ንደቀቕቲ ዓይኒ ሄለን ወትሩ ምስ ነቐፈተን እያ።

"ብዓይነይ እምበር ብዓይኒ መን ድኣ?" ሓተተታ ሄለን። ሄለን ሓንቲ ካብተን ንቤት ትምህርትና ወኪለን ኣብ ክርክርን ክትዕን ዝሳተፋን ብደረጃ ሃገር ትሽለም ተመሃሮ እያ።

ንፋሽን ሸው ምርኩስ ዝገበረ "መን እያ ጽብቕቲ?" ዝብል ንክርክርን ክትዕን ቀሪቡ ነይሩ። ሄለን፡ "መልክዕ ብዓይኒ ጠማቲ እዩ። ኵለን ደቀንስትዮ ጽቡቓት እየን። ጽቡቕ ትሓስብን ጽቡቕ ትሰርሕን ንምዕባለ ትነብርን እያ መልክዐኛ። ካብ ግዳማዊ'ውን ውሽጣዊ ጽባቐ እዩ ዝምረጽ። ጽቡቕ ተግባር ድኣ እምበር ጽቡቕ መሸፈኒ፡ ካብ መኽደኒ ሓሊፉ ዝጠቕሞ የብሉን። ሬሳ ዘሕድር መቓብር ክጽብቕ ይኽእል እዩ፡" ብዝብል ምጒት ኣድናቖት ረኺባ። በቲ መደረ ዘይተሓጒሰ ተመሃራይን ዘየጣቕዓላ መምህርን ኣይነበረን።

ፈሩዝ፡ ንሰብ ብቓሉ ናይ ምሓዝ ልምዲ ኣማዕቢላ ነበረት።

"እወ መልክዕ ብዓይኒ ጠማቲኡ እዩ። ግን...፡" ሄለን ደጊማ ነታ ፈሩዝ ዝበለታ ቃል ኣራጒደታ።

"ግን ኣይትወስኽላ። ብዓይነይ ጽብቕቲ ኣይኮነትን እብለኪ ኣለኹ፡" ስምዒት ዝተሓወሶ ኣዘራርባ ካብ ምዝራብ ኩለፈታ። ኣብ ፈሩዝ እናሓደረ ዝሕድሰና ባህሪ ካብ እንዕዘበላ ኣዋርሕ ሓሊፉ ነበረ።

ኵራኣ ኣብ ጫፍ ኣፍንጫኣ ከተጽንሓን ብዓብን ንእሽተይን ጒዳይ ጸርጸር ክትብልን ጀሚራ ነበረት። ዝኸፍአ ነገር ንሰብ እንተ ጸሊኣቶ ጸለሎ ናብ ምልካይን ኣበር ኣብ ምድላይን ትጓየ።

"ሰብ ድለይላ ፈሩዘይ፡ እምበር ኣዱሊ ድኣ፡" በለት ሚካል ንፈለማ እዋን ንሄለን ብምድጋፍን ንፈሩዝ ብምንቃፍ ነታ ኣዝያ ቆማትን ንኹዕሶ ሰኪዔት ተባሂላ ዝተፈጥረት ትመስል ተመሃሪት ዓሰራይ ክፍሊ ኣዱሊስ ጠመተታ።

ኣዱሊስን ፈሩዝን ኣብ ሰዓታት ልምምድ ኵዕሶ ሰኪዔት እየ



ተራኺብን። ክልተኣን ኣብታ ንቤት ትምህርትና ትውክል ጋንታ ተመሪጸን እየን። ኣብ ሰዓታት ልምምድ ግን ብኹዕሶ ኣቓብልኒ ኣይህብን ተኹራርየን ነበራ።

"ዘንጋር'ወ ዘንጋር፡" ንሚካል ከተሕርቕ ፈተነት ፈሩዝ።

"ፈሩዛ፡ ቀሩብ እባ ንኣዱሊ ድኣ እንታይ ከተውጽእላ ደሊኺ። ቀርጺ ሰብነት ቀጽሪ ሸሞንተ፡ ጸጒሪ ርእሲ ዘረባ የብሉን። ቁመት ሓለንጋይ፡" ኣድነቐታ ሚካል።

"ዓሻ ገረብ ትብል ዓባየይ፡" ክትድህላ ምእንቲ ፈሩዝ ሰሓቐት። ሓንቲ ቃል ከይሓወስኩ ክሰምዐን ድሕሪ ምጽናሕ ኣፈይ ክኸፍት ደረኸትኒ።

"ኣንቲ ፈሩዛ እዋእ ኣፍኪ ንጸርፊ ኣይትኸፈቲ። ጸርፊ ጒዳኺ እዩ። ከም ቃል ንበሃሊኡ'ውን ኣሉታ ስምዒት እዩ ዝፈጥር። ስለዚ ቃላትና ክንጥቀቐሎም ኣለና እዩ። ኣዱሊስ እንታይ በዲላትኪ?" በልክዋ።

"ተጣበቕቲ ዋላ ደገፍቲ፡" ኣብ ክንዲ ትምልስ ኩለፈትኒ።

"ሓቂ ቀኒእኪ ኢኺ ምሽ። ኣነ ካብ ዓይንኺ እየ ዘንብበኪ። ምድጋፍን ምጥባቕን ከኣ ፈላልየዮ። ምድጋፍ ንኣኺ፡ ምድናቕ ከኣ ንኣዱሊ፡" ናይ ቅንኢ መንፈስ ከይሓድረኪ ተጠንቀቒ ብዘስምዕ ቃና ተዛረበት ሚካል።

"ኣቀባጢርክላ። ኣዱሊ ኸኣ ኢልክያ፡" ስማ'ውን ባህታ ኣይፈጠረላን።

"ኣነ ግን ስማ ክቖረጽ ደስ ኣይብለንን እዩ። ኣዱሊስ በቃ ኣዱሊስ ክትበሃል ክትክእል ኣለዎ። ብሉጽ ስም ካብ ጥዑም ምግቢ እዩ ዝምረጽ፡" ተንተነት ሄለን።

"ክጥዕም ስማ" ኣድነቐት ሚካል።

"ስም ትርጒም ኣለዎ። ክሕሰበሉ ዝግባእ እዩ። ወለዳ ፍሉይ ስም እዮም ሂቦማ። ክገርመኪ ዝሓለፈ ሰሙን ብዛዕባ ኣዱሊስ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ኣንቢበ ነይረ። ኣዱሊስ ጥንታዊትን ታሪኻዊትን ወደብ እያ ነይራ፡" መብርሂ ጀመረት ሄለን። ታሪኽን ባህልን መሰረት ስልጣኔ እዩ ዝብል ኣመለኻኽታ ካብ ተማዕብል ንደሓር ናይ ታሪኽ መጽሓፍቲ ንምንባብ እኹል ግዜ ክትህብ ጀሚራ።

"ሽማ እንኰላይ ድያ ጸሊኣቶ። ቁሩብ እባ...፡" ሰሓቐት ሚካል።

ደጋጊማ ክትስሕቀሉ ዘመኒ ደርጊ ስኒ እያ ትውንን። "ኣዱሊስ ድኣ ትኣምር እዩ። እቲ ዝገርመኒ ኣዱሊስ ዝብል ስም ብዙሕ የለን። ንምንታይ እዩ ኣይርድኣንን እዩ፡" ንፈሩዝ ክምጒት ዘይኮንኩ ሓቀኛ ስምዒተይ ገለጽኩ።

"ናይ ብሓቂ? ዘረባኺ ፍልስፍና ምዃኑ ድዩ?" ፈሩዝ ክትድህለኒ ፈተነት።

"ፍልስፍና እኮ እቲ ዝጠዓመ ሙዚቃ እዩ፡" ነቲ ክትዕ ኣህዳእክዎ።

"ኣብታ ጋዜጣ ዝረኸብክዎ ሓበሬታ ኣዱሊስ ጥንታዊትን ታሪኻዊት ወደብ እያ፡" እናበለት ካብታ ኣብ ጽምብል ልደታ ዘበርከትኩላ ህያብ ኣጀንዳ ጽሚቝ ኣንበበትልና። ኣዱሊስ ካብ ባጽዕ ንደቡብ 56 ኪሎሜተር ርሒቓ ትርከብ። ካብ ካልኣይ ዓመተ ዓለምን ክሳብ ሻብዓይ ድሕሪ ልደተ-ክርስቶስ ማእከል ንግዲ ቀይሕ ባሕሪ፡ ናብ ርሑቕ ንምብራቕን ማእከላይ ባሕርን ነይራ። ዝዓበየትን ዝሰልጠነትን ወደብ ምንባራ ነዊሕ መብርሂ ኣቕረበት ሄለን።

"ኣረጊት ስም እያ ሒዛ በለኒ፡" ኵለፈታ ፈሩዝ።

"ጻዕዳ ባንዴራ ኣልዕሊ። ናይ ጣዕሳ ፎርም ከይትመልእስ መሊስኪ ንድሕሪት። የቐንየልና ሄሉ፡ ሓንቲ መዓልቲ ናብዛ ታሪኻዊት ቦታ ክንከይድ ኢና፡" ዘረባ ዓጸወት ሚካል።

"ስለዚ፡ ነዛ ኮኾብ፣ ድሙቕ ስም እዩ ተዋሂብዋ። ኣዱሊስ ስም ሰብ፡ ትካላት፡ ወሃብቲ ኣገልግሎት፡ ስነ-ጥበባዊ ሽልማትን ናይ መንእሰያት ማእከልን ክበዝሕ ኣለዎ፡" በልኩ። ፊስካ ተነፍሐት። ጸጥታ ሰፈነ። ንሃገራዊ መዝሙር ተዳለና።

ልቦና

## ኣነቓቓሒ ዛንታ

ሱራፌል ተ.

### መንፈስ ዝኽፈት ሓጐስ

ከም ንቡር፡ ንግሆ ተንሲአ ኣብቲ መዕረፊ ባቡር በጺሐ። ሓጋይ ብምንባሩ፡ ብርቱዕ ቍርን ኣስሓይታን ነበረ። ብዝከኣል መጠን፡ ኵሉ ቈርበትና ብዘምውቕ ዓለባ እንተ ዘይተሸፈንና ክንንቀሳቐስ ኣይንኽእልን ነበርና። ኣብቲ መዕረፊ ባቡር፡ ብርክት ዝበለ ሰብ፡ ክትመጽእ ገለ ደቓይቕ ንዝተረፋ ባቡር ይጽበ ነበረ። ብሰንኪ እቲ ብርቱዕ ቍርን ኣስሓይታን ኵሉ ተጸዊጉን ተጨምጊጉን ነበረ፣ ኣነ'ውን ከምኡ። ኣብቲ እታ ባቡር ማዕጾኣ ትኽፍተሉ ከባቢ ዓጒጉና። ባቡር መጽኣት፣ ቀልጢፍና ተሰቐልና።

ኣብ ኣጋ ምብጋሳ፡ ሓደ ቈልዓ ምስ ኣቦኡ ኢድ ንኢድ ተተሓሒዙ ደየቡ። ባቡር ተበገሰት። እቲ ኣቦ ኣብ ማዕጾ ናይታ ዝነበርናያ ባጎኒ ደው በለ። እቲ ቈልዓ ብማእከል እቶም ብቑሪ ዓለሞም ጸዊጎም ዝነበሩ እኹላት ሰባት እናሸለኸለኸ ይስሕቕ። ንዓይ ሓሊፉ፡ ናብታ ኣብ ጥቓይ ዝነበረት ኮፍ መበሊ መጺኡ ኮፍ በለ። ሕጉስ ነበረ። 'ከመይ ዝበለ ጅግና ቈልዓ! ኣብዚ ጸዋግ ንግሆ ንሱ ኸመይ ኢሉ ጸሓይ ኰይኑ፡' በልኩ ብልበይ።

እታ ባቡር ናብ ሓደ ገለርያ ኣብ ዝኣተወትሉ፡ ሓደ ዝገርም ነገር ተፈጥረ። እቲ ቈልዓ ብኢዱ እግረይ ተንከፈኒ። ክሓልፍ'ዩ ደልዩ ኢለ ብምሕሳብ እግረይ ጥውይ ኣቢለ ክሕልፎ ፈተንኩ። ተጋግየ'የ፣ ንሱ ክሓልፍ ዘይኰነ፡ ርእሱ ናባይ



ገጹ ኣቕረበ ደኣ። 'እሞ ገለ ነገር ክነግረኒ'ዩ ዝኸውን፡' ኢለ ስለ ዝሓሰብኩ፡ ርእሰይ ኣድኒነ ንኽሰምዖ ሓደ እዝነይ ሃብክዎ። ንሱ ኸኣ ኣፍኵስ ኣቢሉ ኣብ ምዕጒርተይ ሰዒሙኒ፣ ናብ መንበሩ ተመሊሱ ኸኣ ብመስኮት ምዕዛብ ጀመረ። ኣመና ሕጉስ ከኣ ነበረ። ተገሪመ ክጥምቶ ፈዘዝኩ። ጸኒሑ ነቶም ኣብ ከባቢና ዝነበሩ ሰባት'ውን ከምኡ ገይሩ ሰዓሞም። 'እዚ ቈልዓ፡ ኵሉ ሰብ ብቑሪ ዝኣትዎ ጠፊእዎ ተጨቢጡ እንከሎ፡ ኣብ ባቡር እሞ ኸኣ ዘይፈልጦም ሰባት ከመይ ገይሩ ከምኡ ገይሩ ይስዕም?' ኣተሓሳሰበኒ።

ኣነን እቶም ኣብ ዙርያይ ዝነበሩ ሰባትን ንኣቦኡ ብዓይኒ ሕቶ ጠመትናዮ። "ብህይወት ምስራሩ ኣመና ተሓጒሱ ኣሎ። ነዊሕ እዋን ብጽኑዕ'ዩ ሓሚሙ ጸኒሑ፡" በለና።

ባቡር ደው በለት። ኣቦን ወድን ከኣ ወሪዶም ተሸርቡ። ማዕጾ እታ ባቡር ተዓጽወ፣ እታ ገና ኣብ ምዕጒርተይ ዘይተላዕለት ስዕሞ እቲ ቈልዓ ግን መንፈሰይ ከፈተቶ።

inspirationalstories.com

# ሓሳባት

ሰራሕ ክፍለ

መበል 39 ክፋል

## ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ 'ደሞክራሲ እንታይ እዩ?' ዝብል ኣርእስቲ ኣልዒልና፡ መረዳእታ ፖሊቲከኛታትን ተራ ህዝብን ብዛዕባ ደሞክራሲ እንታይ ከምዝመስል ንምርኣይ ናይ ልዕሊ ሓደ ዘመን ተመክሮ ደሞክራሲ ዘለዎ ህዝቢ በልጂግም ንደሞክራሲ ከመይ ይገልጾ ንምፍላጥ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ተመልኪትና፡ ናብ ባጀላ ደሞክራሲ ዝብል ኣርእስቲ ብምስጋር ድማ ገለ ምዕራባውያን ትካላት (ሓደ ካብኦን ዘ ኢኮኖሚስት ኢንተሊጀንስ ዩኒት) ዝጥቀምሉ መለክዒ ደሞክራስን ብኡ መሰረት ንሃገራት ክህብኦን ዝፍትና ባጀላታትን ኣንቢብና።

መቐጸልታኡ ይስዕብ፦

***

ባጀላ ደሞክራሲ ቤተ-ደሞክራሲ (Freedom House)

ቤተ-ደሞክራሲ ጽልዋ ሕብረት ሶቭየት ንምግጣም ኣብ ዋሽንግቶን ኣብ 1941 ዝቖመ፡ ካብ 2013 ጀሚሩ ናይ 195 ሃገራት ገምጋም ደሞክራስን ባጀላን ዝዕድል ትካል እዩ። መርበብ ገጽት ቤተ-ደሞክራሲ ብዛዕባ ዝጥቀመሉ ዳታን ኣገባብ ገምጋምን ከምዚ ዝስዕብ ይብል፦

"... ናይ ደገ ተንተንቲ (ዘይሰራሕተኛታት ቤተ-ደሞክራሲ) ናይ 210 ሃገራትን ከባቢን ካብ ባይታ ዝእከብ ሓበሬታን ዝርርብ ምስ ኣብ ወሽጢ ዓዲ ዝርከቡ ሰባትን፡ ካብ መራኸቢ ብዙሓን፡ ዘይመንግስታዊ ትካላት፡ መንግስታትን ካልእ ምንጪታትን ዝእከቡዎ ዳታ ብምጥቃም ገምጋም የካይዱ። ምኩራት ኣማኸርቲን ናይ ዞባዊ ፈላጣትን ነቲ ትንታነን መደምደምታን ይግምግምዎ። እቲ ናይ መጨረሻ ጸብጻብ ድማ ተንተንቲ፡ ኣማኸርትን ሰራሕተኛታትን ቤተ-ደሞክራሲ ዝተሰማምዕሉ እዩ። ንፍሲ ወከፍ ሃገርን ከባቢን 'ናጽነት ኣብ ዓለም'፡ መሰረት ምርጫ፣ ፖሊቲካዊ ብዙሕነትን ተሳትፎን፣ ኣድማዕነት መንግስቲ፣ ናጽነት ምዝራብ፣ እምነት፣ ምውዳብ፣ መሰል ውድባት፣ ግዝኣት ሕጊ፣ ውልቃዊ ናጽነትን መሰላትን፣ ድማ ይግምግም" ይብል።

እዚ ትካል ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ መገምገሚ ተጠቒሙ "ናጽነት ኣብ ዓለም" ዝብል ጸብጻብን ካርታን 3 – 8 ዓመታዊ ይሓትም። ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፍና ኣገዳስነት ጽፉፍ ዳታ ብማጠሩ ገሊጽና ነይርና። ጉሓፍ ዳታ ጉሓፍ ወጽኢት ጥራይ እዩ ዝህብ። ቤተ-ደሞክራሲ ብኸመይ ኣገባብ ዳታ ከምዝእከቡ ኣብ ግምት ኣእቲና ብዙሕ ክእመን ከምዘይክእል ኣየጠራጥርን። ሕሉፍ ታሪኽ ቤተ-ደሞክራሲ ርኢኻ፡ ኣብ ገለ ውሱን እዋናት ዝጥምቱወንን ኣተኩሮ ዝሁብኦለንን ሃገራት ዘለዋ ይመስል። ኣብዘን ዘተኩረለን ሃገራት መንግስቲ ኣመራፃ ደገፍ ደዩ ክየበር እንዳ ኣብ ግምት ኣእትየም ዝሰርሑ እዮም።

ናይ ኩለን ዓደልቲ ባጀላ ደሞክራሲ ትካላት ጸብጻብ ኣብ ዝርዝር ወረድካ ምርኣዩ ብዙሕ ኣገዳሲ ኣይኮነን። ይኹን'ምበር ናይ ቤተ-ደሞክራሲ ብዛዕባ ኢትዮጵያ ዘስፈሮ ሓደ ነጥቢ ክንጠቅስ። ብመሰረት እቲ ጸብጻብ ኢትዮጵያ ካብቲ ናይ 2019 ነጥቢ 24 ኣብ 2020 ክልተ ነጥቢ ብምጉዳል 22 ረኺባ፡ ብኻልእ ኣበሃህላ ኢትዮጵያ ኣብ ግዜ ወያነ ዝሓሸት ደሞክራሲያዊት ሃገር ነይራ ማለት እዩ። ከምዚ ዓይነት ገምጋም ንኢትዮጵያውያን ክሳብ ክንደይ ኮን ምገረሞም?። ብመሰረት መዐቀኒታት ቤተ-ደሞክራሲ፡ ኤርትራ 2 ነጥቢ ብምርካብ ካብ ሶርያ (1) ጥራይ እያ ትሕሸ። እተን ህዝበን ኣብ ህልቂትን ኣፍ ሞትን ዘለዋ ሃገራት ሊብያ (9)፡ የመን (11) ተዓዲለን። ግርም ባጀላ ኢልካ እዩ ዝሕለፍ።

እቲ ዝገርም ግን ብዙሓት መራኸቢ ብዙሓን ምዕራብ ኸ ናይ ቤተ-ደሞክራሲን ተማሳሉን ጸብጻብ ከም ቁም ነገር ወሲዶም፡ ከም ፈላጣት መሲሎም ብምቕራብ ብዛዕባ ዘይፈልጥወን ሃገራት መጽናዕታዊ ሪፖርት (Investigative report) ኢሎም ብዙሓት የወሃት ዘጋጥዩ ምኳናም'ዩ።

ባጀላ ደሞክራሲ ኣትዳም

(International IDEA – Institute for Democracy and Electoral Assistance)

ኣህጉራዊ ትካል ደሞክራስን ደገፍ ምርጫን (ኣትዳም) ኣብ 27-28 ለካቲት 1995 ኣብ ስቶክሆልም፡ ሽወደን ዝቖመ ትካል እዩ። ከም ዝዘከር ድሕሪ ምውዳቕ ማሕበርነታዊ ስርዓት፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመራሓ ዝመራሒቶም ምዕራባውያን ሓድሽ ስርዓት (New Order) ጀሚሮ ዝበሉሉ መድረኽ እዩ። መስረቲ ዋዕላ ኣህጉራዊ ትካል ደሞክራሲ፡ ድሮ'ኳ ምቛም እቲ ትካል፡ ናይቲ ግዜ'ቲ ስምዒት ብዝገልጽ መንገዲ እዩ ገሊጽዎ፦

"ዓለም ኣብ ዘመነ ደሞክራሲ እያ ትኣቱ ዘላ። ደሞክራሲያዊ ክብርታት ብሰፊሕ ቅቡል እናኾነ ይመጽእ ኣሎ። ጥዑይ ምሕደራ፡ ሃገራውን ኣህጉራውን ኣጀንዳ ኮይኑ ኣሎ። ኣብዚ ዝሓለፈ ሓደት ዓመታት ምርጫ (ናይ ባይቶ) ኣብ መላእ ዓለም ብናህሪ ይዓቢ ኣሎ። መዳርግቲ ብዘይብሉ መልክዑ ህዝብታት ውሑስ መጻኢኦም ዝገልጽ ድልየትን ትጽቢትን ምስትግጋር ናብ ኣሳታፊ ስርዓት መንግስቲ ኣብ ኩሉ ኣህጉራት ይገልጹ ኣለው። ምዝዛም ዝሑል ኩናት፡ ኣብ ገለ ከባቢታት ዓለም ባብ ሰውጢ ኣርሒዩ፡ ኣብ ካልእ ድማ ብወሽጣዊ ምኽንያት ቅርጺ ሕብረተሰብ ንኽቕየር ደፊፉኦ። ሕጂ፡ ምናልባት'ውን ንፈለማ ግዜ ኣብ ታሪኽ፡ ዓቢ ተስፋን ዕድልን ማዕቶት ደሞክራሲ ኣሎ፡ ክንጥቀመሉ ድማ ኣሎና።"

እዚ ፍልስፍና'ዚ ተጸባቢቑ ዝቐረበ እንተኾነ'ኳ ካብቲ ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፋትና ዝረኣናዮ፡ ሃንቲንግተን ብሰፊሑ ዝገለጾ ስልጣኔ ካብታ "ስልጣኔታት ክራጸማ" ዝብል መጽሓፉ ዝጨጨሐ ሓሳብ እዩ። ድሕሪ ምብትታን ዋርሳው ፓክት፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመራሓ ትመርሖ ምዕራባዊ 'ስልጣኔ' እኹል ሓያል ኢና ኣብ ዝበልሉ ዝበረ እዋን፡ ብዘይካ ናይ ምዕራብ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ፖሊቲካዊ ስሉሳዊ ካልእ ኣማራጺታት ሓምሺሹ፡ ምዕራባዊ ረብሓ ንምርግጋጽ ዝሓለነ እዩ። መግለጺ ኣህጉራዊ ትካል ደሞክራሲ ፍሉይ ዝኮነ ነገር እንተዝገልጹ፡ ኣብ ክንዲ ብስም ዘይመንግስታዊ ግብረ ሰናይ ትካላት ብቐሊዕ ብመንግስቲ ሽወደንን ጉደቦኣን ዝጀመረን ዝዘወርን ምኳኑ እዩ። ሃገራዊ ረብሓ ዘየገልግል ምድንጓጽን ርህራሀን ዝበሃል ነገር ከም ዘየሎ፡ ኣማኻሪት ሃገራዊ ጸጥታ ሒመኣ ኮንደሊዛ ራይስ ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ብፍላይ ድማ ኣብ ግዜ ምርጫ 2000ን 2008ን ኣብቲ ህቡብ "ዝምድና ወጻኢ" ዝብል መጽሔት ብሰፊሑን ብዘይ ሕብእብእን ብኸምዚ ዝስዕብ ቃላት ገሊጻ እያ (Promoting the National Interest Foreign Affairs January/February 2000)

"ንሕብረት መንግስታት ኣመራሒ፡ ኣህጉራዊ ደገፉ ክጽ መግለጺ (ሰብዊ) ርህራሀ እዩ። መሰረታዊ ሃገራዊ ረብሓና ንምሕላው፡ ናጻ ሃብታም፡ ሰላማውን ኣህጉራዊ ስርዓት ንምርግጋጽ ዝዓበየ ኣገዳሲ ወፍሪ እዩ።"

ኣህጉራዊ ትካል ደሞክራሲ፡ "ሕጂ፡ ምናልባት'ውን ንፈለማ ግዜ ኣብ ታሪኽ፡ ዓቢ ተስፋን ዕድልን ማዕቶት ደሞክራሲ ኣሎ፡ ክንጥቀመሉ ድማ ኣሎና።" ንዝበልዎ እምነት ዕዉት ንምግባር ብዙሕ ጻዕርን ወፍርን እዮም ዝገበሩ። ዘዓልውዎ ጸብጻብ ከኣ ካብዚ ዕላማዚ ፈሊኻ ምርኣዩ ትርጉም ኣይህብን። ካብ ጸብጻብ ኣህጉራዊ ትካል ደሞክራሲ ገለ ኣብነታት ክንርኢ፦

ኣህጉራዊ ትካል ደሞክራሲ ከም ካልኦት ባጀላ ዝህቡ ትካላት ፈለማ መዐቀኒ ደሞክራሲ ዝብልዎ ዝርዝራት እዮም ዘቕርቡ። ጸብጻቦም ካብ ናይ ካልኦት ብማጠኑ ፍልይ ዝኮነሉ ኣብ መጋጠሚታት ሕቡራት መንግስታት ዝያዳ ተሰሚዒ ንኽኾውንን፡ ዝርዝራቶም ምስቲ ናይ ሕቡራት መንግስታት ሸቶታት ርትዓዊ ምዕባለ የተሓሕዞ። ኣህጉራዊ ትካል ደሞክራሲ ዝጥቀምሉ መዐቀኒ ደሞክራሲ ይኹን ምንጪ ዳታ ካብቲ ካልእ ብዙሕ ዝፍለ ኣይኮነን። ይኹን'ምበር ነቲ "ዓለም ኣብ ዘመነ ደሞክራሲ እያ ትኣቱ ዘላ" ዝብል ሓሳቦም ንምንጽብራቕ ደሞክራሲ ይሰንብብ ከምዘሎ ዘምስል ዛንታ እዩም ዘቕርቡ። ብዓይኒ ኣህጉራዊ ትካል ደሞክራሲ ኣብ መወዳእታ 2018 ኣብ ዓለም 95 ደሞክራሲያውያን ሃገራት፡ ከባቢ 30 ሃገራት ሓወሲ ደሞክራሲያውያን፡ ኣሰታት 35 ሃገራት ድማ ዘይደሞክራሲያውያን ነይረን። "ካብ ጠቕላላ ህዝቢ ዓለም 57% ደሞክራሲያዊ መሰሉ ከይተሓልወ ዝነብር እዩ።" ማለት እዩ። ክትብልዎ ዝደለኻ ኣጠቓምባሕ ዛገራ በላ እዩ ሃገሩ።

ንምንታይ እዩ ጸብጻብ ኣህጉራዊ ትካል ደሞክራሲ ብተዋግዲ ናብ ካልኦት ጸብጻባት ባጀላን ደሞክራሲ ዝሀብ ትካላት ክፀጸር እንክሎ ትሰፋው ዝመስል? እንታይ እዩ ንኣህጉራዊ ትካል ደሞክራሲ ፍሉይ ዝገብሮ ንምርዳእ ዕላማን ቀንዲ ዕማም እቲ ትካልን ጥራይ ዘይኮነ ዘቖምዎ ኣካላትን ምንጪ ኣታዊኡን ምድህሳስ የድሊ። ኣብ ዓመታዊ ጸብጻብ 2019 ኣህጉራዊ ትካል ደሞክራሲ ካብ ካልኦት ዝፈልዮ ብኸምዚ ዝስዕብ ቃላት ብንጹር ተገሊጹ ኣሎ፦


ኣህጉራዊ ትካል ደሞክራሲ "... ኑቶም ኣብ መስርሕ ደሞክራሲ ዘለዉ (ሃገራት)፡ ተኽእሎታቶም፡ ደሞክራሲያዊ ጸገና ኣብ ምግባር ዓቕሚ-ንምህናጽ ይድግፍ፣ ብዛዕባ ደሞክራስን ምህናጽ ደሞክራስን ምድይይጥ ንምኽያድ ባይታ የጣጥሕ። ኣህጉራዊ ትካል ደሞክራሲ፡ ኑቶም ዝንባለ ደሞክራሲ ዝትንትኑን ዝከታተሉን ክኢላታት፡ ምስኦም ብቐጥታ ፖሊቲካዊ ጸገና ዝህቡ ወይ ደሞክራሲ ዝድግፉ የራኽብ።"

ካብዚ መግለጺ'ዚ ብዙሕ ምባል ይከኣል እዩ። ብዘውሓደ ግን ሃገራት ምስ ኣህጉራዊ ትካል ደሞክራሲ ተሓብረን ክሰርሓ እንተወሲነ፡ ኣዮም ደሞክራሲ ዝግምግሙ፡ ዝትንትኑን ዝከታተሉን ክኢላታት ምስ ሕራይ ዝበለት ሃገር ተሓባበርም ከም ዝሰርሑ ንገንዘብ። ከምዚ ዓይነት ዝምድና ክልተ ሳዕቤናት ክህልዎ ይኽእል። በቲ ሓደ ወገን ባዕልኻ ዝመዝገብካዮ፣ ዘማኸርካዮ ከመይ ኢልካ ተጋጊኻ ትብሎ። በቲ ካልእ ወገን ድማ ተልእኮ እቲ ትካል ትርጉም ንኽህልዎ ጸዕርታቱ ወጽኢት ክርኢ ኣለዎ፡ ብዋዕባ ደዩ ተሰኒሁ ደሞክራሲ ዕቤት ክርኢ ኣለዎ። ኣህጉራዊ ትካል ደሞክራሲ ፈለማ ብ14 ሃገራት ዝተመስረተ ኮይኑ ሎሚ 34 ኣባል ሃገራት ኣለዋኦ።

ኣህጉራዊ ትካል ደሞክራሲ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ናይ ተዓዛቢ ቦታ ሃልዩዎ፡ ዓቢ ጽልዋ ዘንብር እዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ ትካል ግን መን ይምውሎ? ከምቲ ናይ ቀደም ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ማርጋሬት ታቸር ዝበለቶ "ናጻ ምሳሕ የለን።" ዝምውል ኣካል ኩሉ ግዜ ረብሓ ኣለዎ። ዓመታዊ ጸብጻብ ሕሳብ ኣህጉራዊ ትካል ደሞክራሲ 2019 ከምዘርእዮ፡ ጠቕላላ ወጻኢታቱ 27.2 ሚልዮን ኤውሮ ኮይኑ፡ ጠቕላላ ኣታዊኡ (ደገፍ) ድማ 27.4 ሚልዮን ኤውሮ እዩ። ኣታዊ (ደገፍ) ኣህጉራዊ ትካል ደሞክራሲ ካብ ዓመታዊ ክፍሊት ኣባላትን ወለንታዊ ደገፍ ኣባል ሃገራትን እዩ። ኣብ 2019 ቀንዲ መወልቲ ሃገራት ብኤውሮ፡ ሽወደን 7.2 ሚልዮን፡ ኤውሮጳዊ ሕብረት 6.9 ሚልዮን፡ ሆላንድ 4.2 ሚልዮን፡ ኖርወይ 4 ሚልዮን፡ ብሪጣንያ 2.1 ሚልዮን፡ ጀርመን 2 ሚልዮን። እተን ዝተረፋ ኣባል ሃገራት ስሚዊ ክፍሊት እየን ዝኸፍላ። ናይ መብዝሕትአን ሃገራት ደገፍ ካብ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢን ካብቲ ንኣህጉራዊ ደገፍ ዝብልኦ ባጀትን ዝስላዕ ኮይኑ፡ ናይ ብሪጣንያን ሕቡራት መንግስታት ኣመራፃን (575 ሽሕ) ካብቲ ኣህጉራዊ ደገፍ ዝብልዎ ዝተዋህበ እዩ።

ተልእኾን ቀንዲ ዕማምን ኣህጉራዊ ትካል ደሞክራሲ ብንጹር ከምዘርእዮ፡ እዚ ትካል'ዚ ከምተን ካልኦት ባጀላ ደሞክራሲ ዓደልቲ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ባይታ'ውን ሰውጢ ንምምጻእ ብንጡፍ ዝጽዕት ይመስል። ብደገ ዝድፋእ ወይ ዝዘወር ምምስራትን ምምዕባልን ደሞክራሲ ወጽኢታዊ ከምዘይኮነ ኣብ ቀዳማይ ቅጺ መጽሓፍ "ሕብረተሰብ ካበይ ናበይ ብኸመይ?" ተመክሮ ዝተፈላለያ ሃገራት ኣፍሪቃ ርኢና ኢና። ካብ ጸብጻብ ኣህጉራዊ ትካል ደሞክራሲ ከም እንርእዮ ግን ምስዚ ትካል ምትሕብባር 'ጸቡቕ' ሸም ወይ ባጀላ ደሞክራሲ ከምዘውህብ ንጹር እዩ።

ይቕጽል . . .



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ርዝና በርኸተኣብ ጸገ፡ ኣቦና ሃለቃ በርኸተኣብ ጸገ ልኡላይ፡ ብዕለት 2/5/2014 ንዓይን ንሓወይ ፍቓዱ በርኸተኣብ ጸገን ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ በሪኽ ምም/ከባቢ ቁሸት ኣብ 500 ት/ሜተር ዝተደኾሳ ገዛ ካብ ፍርቂ ብጽሒቱ ለበዋ ስለ ዝበደፈልና ለበዋ ይጽደቐልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን21/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ወ/ሮ ደሕደጋ ብርሃ ደብረጽዮን፡ ጓለይ ናድያ ሰለሙን ፍስሃየ ስለዝተሰወአት፡ ኣቡኣ ሰለሙን ፍስሃየ እውን ስወእ ስለዝኾነ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን24/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ራሄል ጉብረሚካኤል ብርሃ፡ ኣዴና ወ/ሮ ኣብርሀት ሃይለ ጉብሩ ስለዝዓረፈት፡ ኣሕዋተይ 1.ሰለሙን ሃብተ ካሕሳይ 2.ሰለማዊት ሃብተ ካሕሳይ 3.ግርማዊት ሃብተ ካሕሳይ 4.ሄለን ሃብተ ካሕሳይ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን24/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ወ/ሮ ኑብያት ተስፋእዝጊ ጉብረየሱስ፡ ብዓል ቤተይ ወልዳይ በየን ተማኮሩ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን24/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ ቁ.49 ይቕረብ።

ወ/ሮ ሸዋ መሓሪ ደባስ፡ ኣቦይ መሓሪ ደባስ ጉልበት ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን2/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ወ/ሮ ሰለማዊት ብርሃ ዘርኣይ፡ ወለድና ብርሃ ዘርኣይ ዑ/የውሃንስ ትብርህ ተስፋጋብር ካሕሱን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን3/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ሰናይት ጉብረሚካኤል ጉብረእግዚኣብሄር፡ ኣቦና ጉብረሚካኤል ጉብረእግዚኣብሄር ጠሺት ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን18/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ ኮኾብ ደርጋኣለም ጉብረጻድቕ፡ ብወላዲቱ ወ/ሮ መርሃዊት ሃይለ ንጉሩ፡ ስመይ ኮኾብ ደርጋኣለም ጉብረጻድቕ ምባል ተሪፉ፡ ናህም ደርጋኣለም ጉብረጻድቕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን18/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ፈይሩዝ ኣስመሮም ንኣምን፡ ብዓል ቤተይ መትከል ኤልያስ ኣልኣዛር ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወዱ ድማ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን17/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ ሉላ ግርማይ ክብረኣብ፡ ብወላዲታ ወ/ሮ ደሕደጋ ጉብረማስቀል፡ ስመይ ሉላ ግርማይ ክብረኣብ ምባል ተሪፉ፡ ፍትሓዊት ግርማይ ክብረኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን17/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ እምባደርሆ

ተኽለማርያም ኣስመሮም ወልደንክኤል፡ ብወከሉ ኣቢሉ ዓፀዩ ነፍ/ሄር ጉት ጉብረማስቀል ጣዕሙ፡ ኣብ እምባደርሆ ዝርከብ መንበሪ ገዛኣ ንዓይ ንወዲ ጓላ ዝበደፈትለይ ለበዋ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን5/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተኽሊት በርሀ ጊላሚካኤል፡ ወለደይ በርሀ ጊላሚካኤል ጉብረሚካኤልን ሸሻይ ተወልደብርሃን ፍጡርን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን5/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ከሳሲት ወ/ሮ ምዕራፍ ተስፉይ ተሰሞ፡ ተኸሳሲ ካፒቴን የሴፍ ሸመንዲ ተኸሰብርሃን ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን12/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ፍለጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ሰምሃር ዘርኤ ረዳእ ምባል ተሪፉ፡ ፊሩዝ ዘርኤ ረዳእ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን28/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ወ/ሮ ጸሃይ ሓየሎም ወልደገርግስ፡ ብዓል ቤተይ ሃለቃ ለኣከ ተኽለሃይማኖት ጓንጉል ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን6/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ኣብዲ ሃብተማርያም ሓድጉ፡ ኣደይ መኣዛ ኣርኣያ ተኽለ ስለዝዓረፈት፡ ንሕና 5 ደቃ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን4/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓመድ ዑመር መሳ ምባል ተሪፉ፡ ማሕሙድ ዑመር መሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን5/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ደርግኣለም ኣብርሃ ማሕሙድ፡ ኣዴና ሕርይቲ ጎነጨ ሃይሉ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን10/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ፍረወይኒ ጉብረኣብ ሓየሎም፡ ብዓል ቤተይ ካሕሳይ ዘርኣ ሰገድ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 6 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን4/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ምስጋና ዑቕባይ በርኸትኣብ፡ ብሕጋዊ ወከል ኣቢሉ፡ ብዓል ቤተይ ኣማን ሰገድ ኣድሓኖም ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን10/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ገርገስ መሳ መሓመድ መሃንጀል ምባል ተሪፉ፡ ፈረጅ መሳ ማሕሙድ መሃንጀል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን11/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓብደልዓዚዝ መሓመድ ኣሕመድ ዑስማን ምባል ተሪፉ፡ ዓብደልዓዚዝ መሓመድኣሕመድ ዑስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን11/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰባሕ ሓሰን ሳልሕ ምባል ተሪፉ፡ ጀዋሀር ሓሰን ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን11/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣነ ኣልማዝ ስዩም ሃይለ ዝተበሃልኩ፡ እንኮ ወራሲት ናይ ወላዲተይ ነፍ/ሄር ሮማ ተኽለሃይማኖት ምዃነይ ብውሳኔ 1ይ ደረጃ ቤ/ፍርዲ ኣስመራ ዘረጋገጽኩ ኮይነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ኣስመራ፡ ን/ዞባ ገጀረት፡ ጎደና 753-1 ቁጽሪ ገዛ 21 ዝርከብ፡ ብመለለዩ ቁጽሪ ንብረት 1፡011814/1 ብስም ወላዲተይ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ እዚ ምልክታ'ዚ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጽኣሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ስም ምትሕልላፍ ክፍጸም ምዃነይ እሕብር።

ኣልማዝ ስዩም ሃይለ

---

ኣነ ጀሚላ ኢብራሂም ዑመር ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ዞ/ማእከል ን/ዞ በሪኽ ከባቢ ጻዕዳ እምባ፡ ኣኮይ ርእሶም ስዩም ተስፋጼን ወራሲ ብስም ኣዲኡ ነ/ሄር ለተብርሃን ግደይ ብርሃ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ቁ/መ/939/24 መቁ/ካርታ A2340 ሜ ስፍሓት162 ሜትሮ ብመልክዕ ወሃብቶ ዝሃበኒ መሰረት ናብ ስመይ ስም ምትሕልላፍ ክገብር ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ/ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ/ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡ ዝቃወም እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጅናል ሰነዳት ኣቕሪብና ጉዳይና ክንፍጽም ምዃንና ንሕብር።

ጀሚላ ኢብራሂም ዑመር

---

ኣብ ዞባ ደቡብ ከተማ ደቀምሓረ፡ ብስም ወ/ሮ ኣረጋሽ እማን ማሞ፡ ዞባ 01 ምም/01 ጎደና ሚያዝያ 27 ቁ/ገዛ 356 ሎታ 4 ፓርሰል ቢ ዝርከብ ገዛይ ብዋንነት ብዝርዝር ምዝገባ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 530096 መወከሲ ቁጽሪ 530021 ተመዝጊቡ ዝርከብ ገዛይ (ሊብሬቶ) ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ብዕዳ ሒዙዎ ወይ ረኺቡዎ ዝብል እንተሎ፣ ብቑጽሪ ተሌፎን 07160805 ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ክትሕብሩኒ፡ እንተዘይኮይኑ ግን መተካእታ ክሓትት ምዃነይ ኣፍልጥ።

ወ/ሮ ኣረጋሽ እማን ማሞ

ወከል ኣቶ ኤፍሬም መብራህቱ ወልደሚካኤል

---

ንሕና 1. ራሕማ ዓብዱ መሓመድ፡ 2. ሙና ዓብዱ መሓመድ ዝተበሃልና፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ (ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ 4+ ኣስመራ) ከባቢ መደበር ፕሎት 39 ዝርከብ፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 110410 መወከሲ ቁጽሪ 132963 ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት 21969፡ 30295 ብስም ነፍ/ ሓጂ ዓብዱ መሓመድ +15 ተመዝጊቡ ዋንኡ እተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ምስ መዋርስትና ብዘፈጸምናዮ ምቅሊት መሰረት፡ እዚ ተጠቃሲ ገዛ ስም ዋንነት ናብ ስምና ከነመሓላልፎ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፣ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ።

1. ራሕማ ዓብዱ መሓመድ፡ 2. ሙና ዓብዱ መሓመድ

---


## ብስራት ንኣንበብቲ መጽሓፍ




ቀዳማይ ሕታም ኣብ 2015 ተዘርጊሓ - ንኣንባቢኣ ኣብ ሰንፈላል ዘሓደገቶ፡ ሓቀኛ ታሪኽ ጥልመትን ጭካነን ...... ዝሓዘት መጽሓፍ 'ሉላ'፡ ልቢ ዘረስርስ ክዉን-ኮነት መዓልቦ ኣጣሚራ ዳግም ተዘርጊሓ ኣላ።

ደራሲ መጽሓፍ፡ ኣብ ዜናዊ ስርሓት (ሬድዮን ጋዜጣን) ንልዕሊ 40 ዓመታት ዝሰርሐ፡ ብፍላይ ዋና ኣሰናዳኢ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ኮይኑ ዘገልገለ እዩ።

ኣንብብዋ ክሕደትን ሓልዮትን ተፋጢጦም ኣለዉ ኣብዛ መጽሓፍ።

ኣብዘን ስተሸነሪታት ኣላትኩም

* ሰቲት ስተሸነሪ (ኣካፋፋሊ)
* ኣውገት መሸጣ መጻሕፍቲ
* ኣርት ጋለሪ
* መረብ ስተሸነሪ

ደራሲ፡ ኣስፍሃ ተኽለማርያም ሞባይል፡ 07183494


## ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ



ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴሌፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8:00 – 12:00 ቀ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6:00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ፖ.ስጣ 5537፣ E-mail; bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ!!!

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ደቡብን ገጀረትን ናብ መዛዘሚ በጺሐን

### ዓንሰባ ምስ ብሉጽ ጸወታኣ ካብ ምሕላፍ ተዓንቂጻ



ሃገራዊ ውድድር ከዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ትማሊ ረቡዕ ናይ ኣውዲቕካ ምሕላፍ ጸወታ ኣሰላሲሉ።

ካብ ምድብ 'ለ' ቀዳመይቲ ጉጅለ ቀዳመይቲ ኮይና ዝሓለፈት ገጀረት፡ ምስታ ካብ ካልኣይቲ ጉጅለ ካልኣይ ደረጃ ሒዛ ዝመጸኣት ዓንሰባ ተራኺባ። ገጀረት ዝያዳ ኣብ መጥቃዕቲ ዘድሃበ ዓንሰባ ድማ ኣብ ምክልኻል ዝተመርኮሰ ቅዲ ጸወታ ሒዘን ዝተፋለማሉ ጸወታ፡ 0ብ0 ብምዝዛሙ ናብ ፍጹም ቅላዕ እዩ ኣምሪሑ። ሓላዊት ልዳት ገጀረት ፍቓዱ፡ ክልተ ቅላዕት ብምድሓና ድማ ገጀረት ናብ ፍጻመ ክትሓልፍ ክኢላ። ሓላዊት ልዳት ዓንሰባ ልዋም ሃብቶም፡ ብልጽቲ ተጻወትቲ ናይ'ዚ ግጥም ተሰምያ።

ድሕሪ'ቲ ግጥም ኣሰልጣኒ ገጀረት መሲ ብርሃ "ጸወታ ከም ዝገመትናዮ ኣይነበረን። እቲ ዝደለ ግና ዓወት እዩ። ኣብ መዛዘሚ ምብጻሕና ድማ ሕጉስ እየ" ኢሉ። ኣሰልጣኒ ዓንሰባ ዳዊት ፍረዝጊ ድማ፡ "ገጀረት ኣብዚ ውድድር ዓብላሊት ኮይና እያ ቀሪባ። ንሕና፡ ኣብ ምክልኻል ዘድሃበ ስልቲ ኢና ክንጻወት መሪጽና። ዋላ እኳ እንተተሰዓርና ዝወጠንናዮ ዕላማ ግና ወቒዕና ኢና። ንተጻወትተይ ድማ የሃና እብለን።" ኢሉ።

ቀዳማይ ደረጃ ሒዛ ዝሓለፈት ጎዳይፍ፡ ምስታ ንገጀረት ስዒባ ካልኣይ ደረጃ ኮይና ዝሓለፈት ዞባ ደቡብ ተራኺባ። ደቡብ ካብ ዝሓለፈ ጸወታኣ ሓዊላ ዝቐረበትሉ እዩ ነይሩ። ማእከል ሜዳ ዝተቖጻጸረት እዛ ጋንታ፡ ቀድሚ ዕረፍቲ ሓንቲ ሹቶ ብምቑጻር መሪሓ ወጺኣ።

እዛ ጋንታ፡ ካብ ጎዳይፍ ዝመጽኣ ዘበረ መጥቃዕቲ ኣምኪና ከኣ ኣብ ካልኣይ እብረ ሓንቲ ሹቶ ብምውሳኻ 2ብ0 ተዓዊታ ናብ መዛዘሚ ሰጊራ። ኣባላ የሃና ክፍለ ድማ፡ ብልጽቲ ተጻዋቲት ተጸዊዓ።

ኣሰልጣኒት ደቡብ ሄቨን ዞሚካኤል ድሕሪ ግጥም ኣብ ዝሃበቶ መግለጺ፡ "ኣብ ዝሓለፈ ጸወታና ዝኸሰርናዮ ዓወት ሃዲፉትና ከለለ ሓጊዙና እዩ። ፍናን ተጻወትትና በርኺ ብምንባሩ ኒሕ ገይርና ተጻዊትና - ንዓወት ድማ ኣብቂዑና" ክትብል እንከላ፡ መዛኖኣ ኣሰልጣኒ ጎዳይፍ ኣቤል ኣብርሃም ድማ፡ "ልክዕ እዩ ኣብ ጸወታ ክትሰዐር ክትስዕር ንቡር እዩ። ደቡብ ፈቲናትና እያ፡ ዋላ'ኳ ዝበኣስና እንተገበርና ሃናፋትና ኣሰሊያ ክትዕወት ክኢላ።" ኢሉ።

እዚ ውድድር፡ ቀዳም ዓንሰባ ምስ ጎዳይፍ ኣብ ናይ ደረጃ፡ ሰንበት ከኣ ገጀረት ምስ ደቡብ ኣብ ፍጻመ ክራኸባ እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ናይ ምድብ 'ሀ' ጋንታታት ኢንሹራንስን ደንደንን ከኣ ኣብቲ ናይ መዛዘሚ ዕለት ክጻወታ እየን።

## ሃገራዊት ጋንታ ባድሚንተን፡ ናብ ኬንያ ገይሻ

ሃገራዊት ጋንታ ባድሚንተን ኤርትራ፡ ኣብቲ ካብ 11 ክሳብ 17 ለካቲት ኣብ ካምፓላ ከተማ ዶላ ዝኣንገድ ውድድር ንምስታፍ፡ ትማሊ ረቡዕ ወጋሕታ ናብታ ሃገር ገይሻ።

እዛ ሃገራዊት ጋንታ ንተጻወትቲ ኣቤል ከርሸን ሄርሞን ሚካኤልን ከምኡ'ውን ንኣሰልጣኒ ለይቱን ሙልጌታን ተሓጋጋዚ ኣሰልጣኒ ቢንያም ከሰተን ሓቚፋ'ያ ናብቲ ውድድር ኣምሪሓ። ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ኣብ ንጽልን ጽምድን ውድድር ክትሳተፍ ምኳና'ውን ተፈሊጡ ኣሎ። ካብ ግዜ ናብ ግዜ ቅልጡፍ ዕብየትን ብሉጽ ብቕዓትን ተንጸባርቕ ዘላ እዛ ሃገራዊት ጋንታ፡ ኣብ ወርሒ መጋቢት 2024 ኣብ ጋና ኣብ ዝተኻየደ ውድድር መላእ ኣፍሪቃ ዝምስገን ውጽኢት ከም ዘመዝገበት ኣይረሳዕን።



## ዙር ያማን ተካዚሙ

ሰለስተ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ክሳተፍዎ ዝቐጽሉ ንመበል 14 ግዜኡ ዝተኻየደ ዙር ያማን፡ ትማሊ ሓሙሻይ መድረኽ ብምኽያድ ተዛዚሙ።

138.5 ኪሎሜተር ዝሸፈነ እዚ መድረኽ፡ ተቐዳዳማይ ሶዳል - ቫለንቲን ፓረት-ፐንትረ ብ3 ሰዓት፡ 13 ደቒቕን 15 ካልኢትን ተዓዊቱሉ። ኣባል ጃይሲኤል ናህም ዘርኣይ 1 ደቒቕን 30 ካልኢትን ድሒሩ መበል 12 ክኣቱ እንከሎ፡ ተቐዳዳማይ ኣስታና ሄኖክ ምልእብርሃን ከኣ 2 ደቒቕን 58 ካልኢትን ድሒሩ መበል 25 ኣትዩ። መትከል እዮብ ካብ ትረንጋኑ ድማ፡ መበል 72 ኣትዩ።

ብሓፈሻዊ ግዜ፡ ኣባል ዩኣይኤ ኢማራትስ ኣዳማ ያተስ ብምዕዋቱ፡ ናይ ዓሚ ክብሩ ዓቂቡ። ናህም፡ ሄኖክን መትከልን ከኣ፡ ብተኸታታሊ መበል 12፡ 21ን 59ን ደረጃ ሒዞም ዛዚሞም።

## ማን ሲቲ፡ ኩነት-ኣእምሮ ተጻወትታ ዘዕነዋ ዓባይ ጋንታ

ቅድሚ ኣርባዕተ ኣዋርሕ፡ ኣሰልጣኒ ማን ሲቲ ፔፕ ጓርድዮላ፡ ኣብ ተጻወትቱ እቲ ዝያዳ ክብሪ ዝሀቦ እንታይ ምዃኑ ተሓቲቱ ነይሩ።

ኣብቲ እዋን፡ ሲቲ፡ ኣብ ኩሉ ውድድር 12 ግጥማት ኣካይዳ ነይራ። ንትሸዓተ ተዓዊታትለን፡ ኣብ ሰለስተ ማዕረ ወጺኣ። ንሓሙሻይ ተኸታታሊ ግዜኣ ዋንጫ ፕሪመር ሊግ ከተልዕል ብዝለዓለ ማርሻ ነቒላ'ውን ተባሂሉላ።

"ዝደንቕ ኩነት-ኣእምሮ ኣለዎም።" ክብል ኣብቲ እዋን ነታ ሕቶ ዝመለሰ ጓርድዮላ፡ "ዝበዝሑ ኣዝዮም ሓያላትን ተወዳደርትን እዮም። ንሓድሕዶም ይተሓጋገዙ። ንዓይን ንመሳርሕተይን ሓያሲቲ ነገራት ብምፍጣር ይሕግዙና። ኣነ ንዝኾነ ነገር እንተዘይፈትየዮ ይቕበልዎ፡ ምኽንያቱ ንስለ ጋንታ ስለ ዝኾነ። ዓወት ይኹን ስዕረት ብቕልጡፍ ደርስዎ፡ ንቕጻሊ ስለ ዝሓስቡ። በቃ ናይ ብሓቂ ተቓለስቲ እዮም።" ብምባል ገሊጽዎም ነይሩ።

ኣብዚ እዋን ግና፡ እዛ መግለጺ ብኣንጻሩ እያ ኮይና ዘላ። ምኽንያቱ፡ ኩነት-ኣእምሮ ተጻወትቲ ማን ሲቲ፡ ሕማቕ ምህላዉ ዘርኢ ውጽኢት ይምዝገብ ብምህላዉ። ሰሉስ ምሸት ናብ ዙር 16 ሻምፕዮንስ ሊግ ንምሕላፍ ኣብ ሜዳኦም ንሪያል ማድሪድ ዝገጠሙሉ እሞ 3ብ2 ዝተሰዓሩሉ ጸወታ ከኣ፡ ናይ ቀረባ ኣብነት እዩ።

ገለ ካብቲ እዛ ጋንታ እትሳቐየሉ ዘላ ቀንዲ ጸገማት፡

- **ዝሓዘቶ መሪሕነት ብቐሊሉ ኣሕሊፋ ምሃብ**

ናይ ቅድም ዓሰሚ ሊቨርፑል የርገን ክሎፕ፡ ንጋንታኡ ክገልጻ ከሎ፡ "ዳርምሸሽ ኩነት-ኣእምሮ ዘለዋ ጋንታ" ይብላ ነይሩ። ሲቲ ግና፡ ሓለፉ ነይሩዋ። ክልተኣን ዝያዳ ኣብ ዝውዳደራሉ ዝነበራ ኣርባዕተ ወቕቲታት፡ ሰለስተ ግዜ ዋንጫ ፕሪመር ሊግ መንጢላታ እያ - ሲቲ።

ብሓፈሻ ሲቲ ኣብ ዝሓለፉ ሸውዓተ ዓመታት ሽዱሽተ ግዜ ጸዋእ ሊግ ኣልዒላ፤ ኣብ ትሕቲ ጓርድዮላ ከኣ 18 ዋናጩ ኣብ ኩቡላ ሰቒላ። እዚ ክብረታት ክትዕቅዕ ከኣ እቲ ካብ መጀመርታ መሪሓ እትዕወቶ ኣብ ቦትኡ እናሃለወ፡ ካብ ድሕሪት ተበጊሳ ናይ ምዕዋት ዓቕማ ግን ሕመረት ኣገራሚ ጉዕዞኣ እዩ ነይሩ። ኣብዚ ወቕቲ ግና፡ እዚ ብቕዓት'ዚ የለን።

ዛጊት ካብ ሓሙሽተ ግጥማት ዝይወሓደ፡ መሪሕነት ሒዛ ከተብቅዕ ድሒሩ ብዝተመዝገበ ሹቶ ግን ተሳዒራ ወጺኣ እያ። ሰሉስ ምሸት፡ ኣብ መበል 80 ደቒቕ 2ብ1 ንማድሪድ መሪሓታ ክነሶ፡ ኣብ መበል 86ን 92ን ደቓይቕ ብዝተመዝገባ ሹቶታት ተሳዒራ።

ዝሓለፈ ወርሒ ታሕሳስ፡ ነታ 'ብሕዱር ሕማም - ኢታውን ወጺኢን ብቕዓት' እትሳቐ ዘላ ጓል ከተማኣ ማን ዩናይትድ፡ ኣብ ሜዳኣ ኢትሓድ ክሳብ 88 ደቒቕ 1ብ0 መሪሓታ ክነሳ፡ ዩናይትድ ግና፡ ኣብ 88ን 90ን ደቓይቕ ክልተ ሹቶታት ኣመዝጊባ 2ብ1 ሰዒራታ።

ዝሓለፈ ወርሒ፡ ናብ ፓሪስ ተጓዒዛ ንፒኤስጂ ክሳብ 53 ደቒቕ 2ብ0 መሪሓታ ነይራ። እንተኾነ 4ብ2 ተረቲዓ። ብስፖርቲንግ ሊዝበንን ብራይተንን እውን ብተመሳሳሊ ኣገባብ ተሳዒራ።

መራሒ ማዕረ ዘወጸትሉ ግጥማት'ውን ግዳይ ገይሩዋ እዩ። ዝሓለፈ ወርሒ ሕዳር፡ ኣብ ሜዳኣ ኢትሓድ ንፈይኑርድ ክሳብ





70ታት ደቓይቕ 3ብ0 መሪሓታ ነይራ። 3ብ3 ብምፍልላይ ግና፡ ክሳብ ክንደይ ሹቶ ናይ ምዕቃብ ጸገም ገይራ ምህላዋ ብኢጋኡ ኣርኢያ ነይራ።

- **ቀተልቲ ጌጋታት ተጻወትቲ**

ሓላዊ ልዳት ኤደርሶን፡ ኣብዚ ምስ ማድሪድ ዘየደዱዎ ግጥም፡ ውጽኢት ከግፍሓ ዝኽእላ ዕድላት ምምጻኡ ኣይከሓደን። ድሒሩ ግና፡ ወሰንቲ ጌጋታት ብምፍጻሙ፡ ማዕረ'ቲ እተወደሱ ነቐፌታ ዘለዎ።

ኣብ'ታ እተመዝገበቶም ካልኣይቲ ሹቶ፡ ንቕሉዕ ኣጥቃዓይ ማድሪድ - ቪንሸየስ፡ ኣብ ክንዲ ብኢዱ ዝደፍኣ (ፓንች) ብኣፍልቡ ብምምላሱ፡ ካልኣይ ተጻዋታይ ማድሪድ ዲያዝ ኣብ ልዳት ረኺቡ ብቐሊሉ ከመዝግብ ክኢሉ። ድሕሪ ሸዱሽተ ደቓይቕ'ውን ቅልጡፍ ውሳነ ወሲዱ ካብ ሕንጻጹ ብምውጽኡን ሓዲግ ብምትራፉን፡ ቪንሸየስ ብልዕሊኡ ዘሕለፋ ኩዕሶ በሊንግሃም መዐወትቲ ሹቶ ከመዝግብ ክኢሉ እዩ። ኩዕሶ ብቪንሸየስ ክምንጠል እንከሎ ኣደህቦኡ ኣጉዲሉ ዝነበረ ሯ ልዋስ ከምኡ'ውን ኩዕሶ ካብዩ ትርሓቐለይ ብዘዋይሉ ንልዋስ ዘሰደደሉ ኮጣቸች፡ ኣብታ ሹቶ ተራ ነይሩዎም እዩ።

ኤደርሶን፡ ኣብ ናይ ምድብ ጸወታ ብፒኤስጂን ጁቬንቱስን ክስዓሩ፡ ምስ ፈይኑርድ ማዕረ ክወጽኡን እውን፡ ሕሉፍ ርእሰ ተኣማንነቱ ዝፈጠሮ ጌጋታት ግዳይ ገይሩዋ እዩ - ንጋንታኡ።

ብሓፈሻ ኣብዚ እዋን ጸቕጢ ኣንጻር ጋንታ ክትጻወር ዝኽእለዳ ዘሎ ሲቲ፡ ብፍላይ ኣብ ከቢ ልዳታ ከዕሶ ክትቀባበል ኣብ እትፍትነሉ ብተደጋጋሚ ተመንጢላ ግዳይ ኮይና እያ። 5ብ1 ዝተሳዕረትሉ ጸወታ ኣንጻር ኣርሰናል፡ ተወሳኺ ናይ ቀረባ ኣብነት እዩ።

ጌጋ ኣብ ከዕሶ እግሪ ዘሎ እዩ። እቲ ዘበኣሰ ግና፡ ተደጋጋሚን መሪርን ዋጋ ዘኽፍል ምስ ዝኸውን እዩ።

- **እምነትን ኩነት-ኣእምሮን**

ኣብዚ እዋን፡ ኣብ ሲቲ ኣወንታዊ ኩነት-ኣእምሮ ኣሎ ክትብል ከቢድ እዩ። ምኽንያቱ፡ ኣተሓሳስባኦም (ሜንታሊቲ) እቲ ዝዓበየ ጸገም ኮይኑ ዘሎ ይመስል።

ብዓበኡ'ውን እዛ ጋንታ፡ ብዕግበት ትሳቐ ዘላ ትመስል። ሕጂ'ውን፡ ከም ቀደማ ሓያልን ኣብ መውዳእታ ደቓይቕ ብእተመዝገባ ሹቶታት ተዓዊታ እትወጽእን እዩ ዘመስል ዘሎ።

እንተኾነ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ዝነበራ ጸቡቕ ውጺ፡ ዓብላሊን ደሃሊን ጸወታ፡ ኣብ ውሑዳት ደቓይቕ ወጽኢት ናይ ምቕልባስ ዓቕሚ፡ ብዓበኡ ከኣ ኣብ ዓባይ ጋንታ ጥራይ ዝርከብ (ንሳ'ውን ኣቐዲማ እትልለየሉ) ዓቢ ኣወንታዊ ኩነት-ኣእምሮ ጎዲሉዋ ምህላዉ ይትንተን።

ጠንቂ እዚ ጉዳይ፡ ኣብ ሜዳ ዝርአን ዘይርአን ምኽንያታት ክኸውን ይኽእል እዩ። ካብቲ ናይ ሜዳ ቀንዲ ምኽንያት ከኣ ዘይምህላው ናይ'ቲ ዓንዲ ሕቕኣ ዝነበረ ኣከፋፋሊኣ ሮድሪ እዩ። ሮድሪ ጉልበቱ ተጠቒሙ ናብ መስመር ምክፍፋል ንዝሓልፉ ኩዕሶ ኣብ ምዕጋትን ንመስመር መጥቃዕቲ ምሕጋዝን ልዑል ተራ ነይሩዎ። ኣብ ወሰንቲ ግጥማት'ውን ሹቶ የመዝግብ ነይሩ። ዛጊት ንዕኡ ዝነበረ ኣወንታዊ ተራ ዝትክእ ተጻዋታይ ግና ኣይረኸበትን ዘላ። ንዊሕ ዓመታት እቲ ዝደኸመ ክፋል እዛ ጋንታ ምዃኑ ዝገለጸ መስመር ምክልኻል ከኣ፡ ብዘይምህላው እዚ ተጻዋታይ ዝዩዳ ንጸገም ተቓሊዑ ኣሎ።

ማድሪድ፡ ወላ'ኳ ንወሰንቲ ተኸላኸልታ ብምኽሳራ ንኣከፋፊልታ ቹመኒን ቫልቨርደን ናብ ምክልኻል መሊሳ እንተተጻወተት፡ ሰንኮፍንት መስመር ምክልኻል ሲቲ እዩ ግና፡ ዓቢ ኣርእስቲ ኮይኑ ሓሊፉ።

በዚ ኮይኑ በቲ፡ ሲቲ፡ ዝመጽእ ረቡዕ ናብ ማድሪድ ተጓዒዛ እዚ ውጽኢት ክትቅይሮ እንተዘይክኢላ፡ ብኢጋኡ ካብ ሻምፕዮንስ ሊግ ክትግለፍ እያ። ኣብዚ ወቕቲ ዝተርፉ ውድድር ከኣ፡ ንዓመታ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ንምስታፍ ሎሚ ኣብ ፕሪመር ሊግ ምስ ቀዳሞት ኣርባዕተ ምውዳእ፡ ከምኡ'ውን ዋንጫ ኤፍኤ ካፕ እዩ። እንተ'ቲ ኣብ ዝኸደ ጋንታ ዕውት ግዜ ዘሕለፈ ዓሌሚኣ ፔፕ ጓርድዮላ፡ እዚ ኣጋጢሙዎም ዘሎ ጸገም መፍትሒ ዝሰኣኑሉ እዩ ዝመስል።

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ንሓማስ የጠንቅቕ

ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁ፡ ምንቅስቓስ ሓማስ ነቶም ዝተረፉ ጅሆ ሒዝዎም ዘሎ እስራኤላውያን ክሳብ ዝመጽእ ቀዳም ናጻ እንተዘይለቒቑ ውግእ ወሽመጥ ቓዛ ዳግማይ ከምዝጅምር የጠንቅቕ ኣሎ።

ሓማስ ፡ ነቶም ጅሆ ሒዝዎም ዘሎ እስራኤላውያን ናጻ ናይ ምልቃቕ ውሳነኡ ከምዝቋረጾ ዝሓለፈ ሰኑይ ድሕሪ ምሕባሩ፡ ናታንያሁ ንሰራዊት ሃገሩ ኣብ ቓዛ ሓደሽ ወተሃደራዊ ስርሒት ንምኽያድ ኣብ ተጠንቀቕ ክጸንሕ ትእዛዝ ከምዝመሓላለፈ'ዩ ዝሕበር ዘሎ።

ናታንያሁ ብዘወሃቦ፡ "ሓማስ ምስ እስራኤል ንዝተኸተማሉ ስምምዕ ምቁራጽ



ተኸሲ. ጥሒሱ ጅሆታት ምፍታሕ ኣቋሪጹዎ ኣሎ" ብምባል፡ ውሳነኡ ኣብዘን ቀረባ መዓልታት እንተዘይቀይሩ፡ እቲ ጉጅለ ክሳብ ምሉእ ብምሉእ ዝድምሰስ ሃገሩ መጥቃዕቲታታ ዳግማይ ከምእትቕጽሎ ኣጠንቂቑ።

እዚ ከምዚ ኣሉ እንከሎ፡ ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ዝነብሩ ኣስታት 2 ሚልዮን ፍልስጤማውያን ናብ ግብጺን የርዳኖስን ክግዕዙ ዝቐረቦ ጻውዒት፡ ሓማስ ብትሪ ከምዝኾነኖ ይገልጽ ኣሎ።

ብዘይካዚ፡ ኩለን ሃገራት ምዕራብ'ውን ንመግለጺ. ትራምፕ ብትሪ ክኹንኖ እንከለዋ፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ድማ፡ ብኣስገዳድ ዝኸውን ዜጋ ካብ ሃገሩ ክመዛበል ኣብ ትሕቲ ኣህጉራዊ ሕጊ ፍቑድ ከምዘይኮነ ኣጠንቂቑ።

እቲ ኣብ ሓደጋ ኣትዩ ዘሎ ስምምዕ ምቁራጽ ተኸሲ፡ ብመንግስታት ኣመሪካ፡ ቀጠርን ግብጽን ክድሕን ዝጸውዕ ላዕለዋይ ኣዚ. ምንቅስቓስ ሓማስ ባዕሎም ናዓም ብወገኑ፡ እስራኤል ነቲ ስምምዕ ብምጥሓሳ፡ ናብ ወሽመጥ ቓዛ ሰብኣዊ ሓገዝት ከይኣቱ ከልኪላ ከምዝኣ ወቒሶም።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ እስራኤል ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ብዘካየደቶ ኣልማሚ ደብዳብ፡ ኣስታት 48,810 ፍልስጤማውያን ተቐቲሎም።

## ዮርዳኖስ፡ ካብ ቓዛ 2 ሽሕ ህጻናት ከምእትወስድ ኣፍሊጣ

ንጉስ ዮርዳኖስ ዓብዱላህ ካልኣይ፡ ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ብሕማም ተወጺያም ዝለዉ ኣስታት 2 ሽሕ ህጻናት ናብ ሃገሩ ክወስድ ምዃኑ፡ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ምስ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ዝገበሮ ርክብ ኣፍሊጡ።

ንጉስ ዓብዱላህ ምስ ፕረዚደንት ትራምፕ ኣብ ቤትጽሕፈት ዋይት ሃውስ ኣብ ዘካየዶ ርክብ፡ ነቲ ትራምፕ ዘቕረቦ - ፍልስጤማውያን ነበርቲ ቓዛ ናብ ግብጺን የርዳኖስን ክግዕዙ ዝጠልብ ሓሳብ ከምዘይቕበሎ'ዩ ዘረጋገጸ።

እንተኾነ፡ እቶም ተወጺያም ዘለዉ ህጻናት ግቡእ ሕክምና ንክረኽቡ ሃገሩ ክትቕበሎም ድልውቲ ከምዝኾነት እቲ ንጉስ ኣፍሊጡ።

ትራምፕ ብወገኑ፡ የርዳኖስ ምስ ግብጺ. ተሓባቢሩ፡ ነቶም ፍልስጤማውያን ናይ ምግዕዛዝ መስርሕ ብዓወት ክትፍጽሞ ከምእትኽእል 99 ሚእታዊት ከምዝተኣማመን ብምግላጽ፡ ንጉስ ዓብዱላህ ነቲ ጉዳይ ዳግመ-ግምት ክገብረሉ ጸዊዑ።

ኣብ የርዳኖስ ልዕሊ. 2 ሚልዮን ፍልስጤማውያን ስደተኛታት ከምዝለዉ. ዝጠቐሰ ንጉስ ዓብዱላህ፡ ሃገሩ ተወሳኺ. ቁጽሪ ስደተኛታት ክትቕበል ከምዘይትኽእል እዩ ዝገለጸ።

ትራምፕ፡ ኣመሪካ ንወሽመጥ ቓዛ ብምቁጽጻር፡ኣብኡ ዘለዉ ፍልስጤማውያን ናብ ጎረባብቲ ሃገራት የርዳኖስን ግብጺን ክግዕዙ ዝብል ሓሳብ ከምዝለዎ ዝሕበር መግለጺታት ድሕሪ ምሃቡ፡ ማሕበረሰብ ዓለም በቲ መግለጺታት ሰንቢዱ ከምዘሎ እዩ ዝሕበር።



## ብሪጣንያ፡ ንስደተኛታት ዜግነት ምሃብ ደው ኣቢላ



መንግስቲ ብሪጣንያ፡ ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ናብታ ሃገር ንዝኣተዉ. ስደተኛታት፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ዜግነት ናይታ ሃገር ከምዘይህብ ሓቢሩ።

ብመሰረት'ቲ ኣወጺኡዎ ዘሎ ሓደሽ ሕጊ፡ ኣብ ጀላቡን ንኣሽቱ መካይንን ተሓቢኦም ናብ ብሪጣንያ ዝኣተዉ. ዘለዉ. ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ዘይሕጋውያን ስደተኛታት፡ ዝቐርብዎ ናይ ዜግነት ጠለብ ከምዝጸረ ገሊጹ።


ብመሰረት እቲ ሓደሽ ሕጊ፡ ናብታ ሃገር ብዘይ ቪዛ ወይ ብባሕሪ ዝኣተዉ፡ ከምኡ'ውን ብኢሚግሬሽን ከይሓለፈ. ኣብታ ሃገር እግሩ ዘንበረ ዝኾነ ስደተኛ፡ ዘቕርቦ ሕቶ ዜግነት ድሕሪ 10 ለካቲት ብቐጥታ ንጹግ ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ።

ቤትምኽሪ ስደተኛታት ብሪጣንያ፡ እቲ ሕጊ. ብውሕዱ ን371 ሽሕ ስደተኛታት ዜግነት ብሪጣንያ ካብ ምርካብ ክዕንቅጽ ከምዝኽእል ሓቢሩ።

በቲ ካብ ዝሓለፈ. ሰኑይ ኣትሒዙ ተግባራዊ ከምዝኾነ ዝተገለጸ ተረር ሕጊ፡ እቶም ኣቐዲሞም ብተመሳሳሊ. ኣገባብ ኣትዮም ናይ ዜግነት ሕቶ ዘቕረቡ ስደተኛታት'ውን፡ ጉጅም ካብታ ዝኣተዉላ ዕለት ድሕሪ 10 ዓመት ክረአ ከምዝጅምር እዩ ዝገለጸ ዘሎ።

## ዜጋታት ደሴታት ሰሎሞን፡ ናይ ዝተበከለ ከባቢኦም ካሕሳ ይጠልቡ

ኣብ ሓንቲ ካብ ደሴታት ሰሎሞን ዝኾነት 'ደሴት ሬነል' ዝነብሩ ዜጋታት'ታ ሃገር፡ ገማግም ባሕሪ ናይታ ደሴት ኣብ 2019 ንኣቶም ብዘወሃቦ፡ ድሕሪ'ቲ ዝተኸሰተ ሓደጋ፡ ቀልዑ ብናይ ቆርበት ሕማም ክሳቐዩ ከምዝጀመሩ፡ ኣብታ ደሴት ዝርከቡ



ካብ ሓንቲ ዝጠሓለት መርከብ ብዝለሓኹ ነዳዲ ብምብካሉ ካሕሳ ይጠልቡ ምህላዎም ተሓቢሩ።

ኣብቲ እዋን፡ ኣብ ደሴት ሬነል ብዝተኸሰተ ብርቱዕ ህቦብላ እታ መርከብ ድሕሪ ምጥምጣሉ፡ ጸዒናቶ ዝነበረት ኣስታት 300 ቶን ነዳዲ ናብቲ ባሕሪ ከምዝፈሰሰ እዩ ዝገለጸ።

በዚ ኸኣ ንዝሓለፈ. 6 ዓመታት፡ ነበርቲ ናይ'ታ ደሴት ጥዕናኦም ዘይተረጋገጸ ዓሳ ክምገቡን ውሑስ ዘይኮነ ማይ'ውን ክሰትዩን ከምዝጸንሑ ብምሕባር፡ ኣምሳያኡ ካሕሳ ክኽፈሎም ግድን ምዃኑ ኣስሚሮምሉ።

ኮራላት፡ ዓሳታትን ሾራን ድማ ኣብ ሓደጋ ከምዝወደቑ እዮም ዝገልጹ።

ተበኪሉ ዘሎ ማይ ናይታ ደሴት ንክጸሪ ብውሑዱ 130 ዓመታት ከምዝድልዮ ዝሓብሩ ክኢላታት ኣከባቢ. ብወገኖም፡ እቲ ሓደጋ ሓደ ካብ'ቶም ኣብ ሰላማዊ ውቅያኖስ ዝኸፍኡ ብኸላ ማይ ዘስዕቡ ዓበይቲ ሓደጋታት ምዃኑ ኣመልኪቶም።

ደሴት ሬነል፡ ሓንቲ ካብ'ተን 900 ዝበጽሓ ደሴታት ሰሎሞን ኮይና፡ ብዘለዋ ስነ-ሂወታዊ ብዙሕነት፡ ኣብ 1998 ኣብ መዝገብ ዓለማዊ ውርሻ (ዩኔስኮ) ከምዝሰፈረት ጸብጻባት ይጠቕሱ።

## ኣንጎላ - ብሕማም ሸሮኽ ልዕሊ. 110 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ኣንጎላ፡ ካብ ዝሓለፈ. ወርሒ. ጥሪ ንደሓር ጥራይ ብሕማም ሸሮኽ ልዕሊ. 110 ሰባት ከምዝሞቱን፡ ካልኦት ኣስታት 3,400 ሰባት ድማ በቲ



ሕማም ከምእተለኽፉን፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ናይ'ታ ሃገር ሓቢሩ።

ካብ መጀመርታ ናይዛ ወርሒ. ኣትሒዙ፡ ኣብታ ሃገር መዓልታዊ ኣስታት 100 ሓድሽ መልከፍቲ ይምዝገብ ከምዘሎ ዝጠቐሰ እቲ ሚኒስትሪ፡ እቲ ጉዳይ ኣሻቃሊ. እናኾነ ይመጽእ ምህላዉ. ገሊጹ።

እቲ ሕማም ናብ ሰፈሕ ከባቢታት እታ ሃገር ተላቢዑ ብምህላዉ. ድማ፡ ዜጋታት ኣብ ምንቅስቓሳቶም ልዑል ጥንቃቐ ክገብሩ እቲ ሚኒስትሪ ኣተሓሳሰበ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ኣብታ ሃገር ዛጊት ኣስታት 925 ሽሕ ሰባት፡ ክታብት ሕማም ሸሮኽ ወሲዶም ኣለዉ።

ብጉድለት ጽሬት፡ ዘይግቡእ ኣጠቓቕማ ዓይኒ ምድሪ፡ ጽሬቱ ዘይተሓለወ መግቢን ማይን ዝበገስ ሕማም ሸሮኽ፡ ኣብ ኣፍሪቃ ዓመታዊ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ዜጋታት ከምዝለክፍ እዩ ዝግለጽ።

ንኣብነት ኣብ 2023፡ ኣብ ኣፍሪቃ ልዕሊ. 40 ሽሕ ሰባት በቲ ሕማም ክልከፉ እንከለዉ፡ ካብኦም ልዕሊ. 1,700 ከምዝሞቱ ጸብጻባት ጥዕና የመልክቱ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ. |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ. ዳሉል | 13/02/2025 | ጎደና ሓርነት ቁ.158፡ ፊት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ | 125266 |

ፋርማሲ. ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services